#ረመፅ

ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ ቀዳማይ ሕታም፥ ሚያዝያ 2013 ኣቐፃራ ግእዝ!





መልእኽተ #ረመፅ

ወናኒ ካብቶም ቀዳሞት ስልጣነታት ዓለም ዝኾነ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ በብዘመኑ ህላውኡ ዝፈታተኑ ከበድቲ ፈተናታት ሓሊፉ፣ ከም ህዝቢ ሓድነቱን ስምረቱን ሓልዩ ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ምዕራፍ እናተሳገረ መፂኡ እዩ።

ህዝቢ ትግራይን ፅሕፈትን ናይ ዘመናት ምትእስሳር ዘለዎም ኾይኖም ብፍላይ ኣብ ዘበነ ኣከሱም ፅሕፈት ከም መግለፂ ስልጣነና፣ ኣብቲ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመታት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ድማ መብልሒ ወያነ ትግራይ ኾይኑ ብዝያዳ ኣገልጊሉ እዩ።

ዘመናት ዝተሳገረ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ሕዚ ኣብ ወሳኒ ምዕራፍ በፂሑ ይርከብ። ክልተ ወለዶታት ኣብ ሓደ ዕላማ ሰሚሮም፣ ኣንፃር ህልውና ትግራይን ተጋሩን ዘቅንዑ ናይ ርሑቅን ቀረባን ባዕዳውያን ወረርቲ ንሓንሳእን መወዳእታን ቀቢሮም፣ ናብ ዘላቒ ፍታሕ ንምስግጋር ይቀላቐሉ ኣለው። ኣብ ገጠር ዘሎ ይኹን ከተማ፣ ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ኮነ ወፃኢ፣ ዓብይ በልካ ንእሽተይ ኮታስ ኩሉ ህዝብና ብዘይኣፈላላይ፣ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ድሙቕ ቕያ ይሰርሓሉ ኣብ ዘሎ ዓብይ ታሪኻዊ መድረኽ ኣለና።

መዓልታዊ ዝፍፀሙ ድሙቓት ዓወታትና እግሪ ብእግሪ እናተሰነዱ፣ ጎናኒ ድማ፣ ካብ ዕንክሊል ዘውፅእን ንፅረት ሓሳብ ዝፈጥርን ቀፃሊ ኣንፈት ፖለቲካ ትግራይ ንምሕባር ዘኽእል መድረኽ ንምፍጣር፣ #ረመፅ ነዚ መቓልሕ ንምስንዳእ ተበግሶ ወሲዳ ኣላ።

ሕዚ ብጭቡጥ ዘሎ ዘይነዓቅ መጠን ተበፃሕነት፣ ብቀፃሊ ድማ ዝያዳ ክዓቢ ትፅቢት ዝግበረሉ ዓቕሚ ኣሚትና ክንፅሕፍ፣ ክነንብብ፣ ኢሂን ሚሂን ክንበሃሃል ዘኽእለና ኣጋጣሚ ተፈጢሩ ይርከብ።

ሰናይ ንባብ !
ትግራይ ትስዕር !

ኣብ ትሕቲ #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብክፍሊ ሚድያን ዶክሜንቴሽንን #ረመፅ እናተሰናድኣት እትቐርብ ልሳን ቃልሲ መፅሂት #ረመፅ

ቀዳማይ ሕታም፣ ሚያዝያ 2013 ኣቆፃፅራ ግእዝ!

ወራር ኢትዮጵያን ግብረ መልሲ ህዝቢ ትግራይን

የማነ በርሀ

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብዙሓት ፈተናታት ኣጋጢምዎ እዩ። ነዞም ንህልውናኡ ዝፈታተኑ ሓደጋታት ኣዝዩ ክባር ዋጋ እናኸፈለ ከም ህዝቢ ኣንፃር መንነቱ ንዝተበገሱ መኪቱ እዩ። ህዝብና ሎሚ ዘጋጠሞ ወራር ግን ታሪኻዊ መዳርግቲ የብሉን። ፀላእትና ህዝቢ ትግራይ ከም ሓደ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንጡፍን ብርቱዕን ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ዝኾነሉ ዑደት ጠጠው ከብሉን ናብ ፖለቲካዊ ሕሳስ ልደት ክቕይርዎን እዮም ወፊሮምዮ። ነዚ ዕላማኡም ንምዕዋት ድማ እልፊ ሰራዊትን ብምድርን ብሰማይን ዝወፈረ ድሩዕ ጋዕ ገልጠምን ኣርባዕተ ሃገራት ሓዊሱ ስለላዊን ዲፕሎማስያዊን ሓገዝ ምምሕዳር ዶናልድ ትራንፕ ረኺቡ እዩ። ጥቅምቲ 24 ዓለም ከም ህዝቢ ክንጠፍእ ህላወና ክትርስዕ ዝወሰትሉ መዓልቲ እዩ። ንሕና ድማ ከም ህዝቢ ዝኽፈል ከፊልና ዓለም ክልተ ግዜ ክነዛርባ ቃል ዝኣተናሉ እዋን እዩ።

ፀላእትና ዓብዩ ንኡስ ከይፈለዩ ህዝብና በቢዝተረኽቦ ቕቲሎሞ፤ ኣዴታትናን ኣሓትናን ተደፊረን። ህዝብና ንዓመታት ዘዋህለሎ ሃፍቲ ብሓንቲ ፀሓይ ተዘሚቱ። ሃይማኖታውን ባህላውን ፀጋታቱ ተደፊሩ ተዓንዲሩሉን ፤ እንተላሙን ያሒቱን ጥሪቱን ምህርቲ ዓውድኡን ኣባዲሞም በተኽ ክንብርዎ ቀትርን ለይትን ይሰርሑ ኣለው። ካብ ዓዱን ዓውዱን ምምዝባሎም ከይኣክል ዓለም እኽለማይ ሒዛ ክትረድእ እንተመፀት እውን ፀላእትና ካራ ብኽሳድና ኢሎም ሓንጊዶም ይርከቡ። እዚ ኹሉ ህዝቢ ትግራይ ናብ ባርነት ሻዕብያን ኣምሓራን ንምዝፋቕ ዝተገበረ ሰይጣናዊ ወፍሪ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሚኒሊካውን ጣልያናውን ስነልቦና ክጥመቕ እሞ ሳባን ዮሃንስን ፣ ኣኽሱምን ኣዶሊስን፣ ብላታ ሃይለማርያምን ሓየሎምን ከምዘይናቱ ክፅየፎም ተደልዩ መዳርግቲ ኣልቦ ግፍዒ ተፈፂሙን ይፍፀም ኣሎን። ኣብ ዓለም እዚ ኹሉ ግፍዒ እናተፈፀሞ ይትረፍ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ንሰሙናት እውን ብፅንዓት ኣብ መትከሉ ፀኒዑ ዝተቓለሰ ህዝቢ የለን። ምኵሕ ታሊባናዊ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን ብኣርባዕተ ሰዓት እዩ ካብ መንበሩ ሮፋዕ ኢሉ። ኩሉ ዓይነት ዕጥቂ ዝወነና ጋዳፊ ንሰሙን እኳ ክከላኸል ጋዶ ኮይንዎ እዩ። ወናም ህዝቢ ትግራይ ግን ውዳበታቱ ኣመዓራርዩ ምስ ወርርቲ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ይኳሻሕ ኣሎ፣ ብዓወትን ብግህደት ሃገረ ትግራይን ከምዝፅምበል ድማ ፈታውን ፀላእን ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ወራር ትግራይን ግብረ መልሲ ኢትዮጵያውያንን

ወራር ትግራይ ምስ ተጀመረ ኢትዮጵያ ናይ ኣምሓራን፣ ቆለ ኣምሓራ ናይ ዝሰረርዎም ግሙፃትን ምኽና ብዘየላጢ ኣመስኪራ እያ። ወዮም ውፁዓት ብሄር ብሄረሰባት ደርግን ደርጋውያንን ክኾኑ ፃት ኣይወሰደሎምን፤ ዓዲ ሙሉእ ናብ ትግሬ ገዳይ ተቐይራ። ኣለኒ ትብሎ ሰብኣዊ ፣ ሃይማኖታዊ፣ ንዋታዊን ሞራላዊን ሃፍቲ ኣንፃር ትግራይ ኣሰሊፉዎ። ኢትዮጵያውያን ንጥልያን እውን ከምዚ ኣንፃር ትግራይ ዘርኣይዎ ሓድነት ኣርእዮም ኣይፈልጡን። ሓንካሰ ቐራይ ከይተረፈ ትግራይ ከም እያሪኮ ሓሞክሸቲ ክትኸውን ሰልፊ ወፂኦም። ሃይማኖት መራሕቲ ነቲ ወራር ብመስቀሎም ባሪኾም ጀሚረምዎ። ኣብያተ ክርስትያናትን መሳጊድን እንትዓንው፣ ኣቕሽትን ሸኻትን እንትሕረዱ ባዕልኹም ትፈልጡ ኢለን ምስ ወረርቲ ወጊነን። ኢትዮጵያ ንትግራዋይ ናይ ባርነት ዓዲ ምኳና ግሁድ ኮይኑ። ይትረፍ ዓለመይና(ዓለማዊ) ትግራዋይ እተን ምስ ኢትዮጵያ ገመደን ነዊሑ ንምብታኹ ዘመናት ከውስድ እዩ ዝበልናየን ኣብያተ ክርስትያናት ትግራይ እውን 'ኢይትርስዓ ለሀገሪትነ ትግራይ' ኢለን ክፅልያ ጀሚረን። ኣማን ብኣማን ኢትዮጵያን ትግራይን ተፈላልየን፤ ቅልፅምን ዓለማዊ ዲፕሎማሲን ጥራይ ተሪፉ።

ቃልሲ ህዝብና ኣብ እዋን ዳግመ ውደባ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ

ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ናብ መስርዕ ዳግመ ውደባን ምትዕርራይን እንትኣቱ ምልሻ ትግራይ ሽግ ሓርነትን ባሩድ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ከይቕህም በቢ ከባቢኡ ተወዲቡ ምስ ፀላኢ ገጢሙ እዩ። ምልሻታት ወጀራት፣ ኣፅቢ ደራ፣ ኣሕስኣ፣ ቦራስለዋ፣ ነቕሰገ፣ ማይማዕዶ፣ ዓዴት፣ ኣስገደን ፀለምቲን ካልኦት ብዙሓት ቦታታት ትግራይን ረስኒ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ከይዝሕል ምስ ወረርቲ ተኳሺሖም እዮም።

ወራር ምስ ፈለመ ዝጀመረ ቃልሲ ዲያስፖራ ትግራይ ኣብ ኣፍሪካ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ተጋሩ ዲያስፖራ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዓለምለኻዊ መልክዕ ክሕዝ ኣብ ምግባርን ገበን ፀላእትና ንዓለም ብምፍላጥን ወረርቲ ብዲፕሎማሲ ደኺዕኼዕ ክብሉ ገይሮም እዮም። እዚ ንፃት እኳ ዘየዕረፈ ቃልሲ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንወለዶታት ደረትካ ነፈሒኻ ዝዝንቶ ክኸውን እዩ። ነባራይ ከተማታት ትግራይ ኣንፃር ባርነታዊ ወራር ኣምሓራን ሻዕቢያን ብጀጋኑ ውዳበ ረመፅ ምንቅስቓስ ትግራይ እናተመርሐ ብእምቢትኡ ፀላኢ ዝሕዞን ዝጭብጦን ኣስኢንዎ እዩ። ብሄራዊ ውድባት ትግራይ ዝገብርኦ ዘለዋ ቃልሲ ድማ ካሊእ ፀጋ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ኣሎ። ነቲ ካብ ብዙሓት ከባቢታት ትግራይ ተመዛቢሉ ዝመፀ ወገኑ ዝዕንግል ዘሎ ህዝብና እውን መርኣያ ዕምሪ ትግራዋይነት እዩ። ጋዜጠኛታት ዓለም ገበናት ሊሂቅ ኣምሓራን ሻዕቢያን ክፅብፅቡ ናብ ዝተፈላለዩ ክፍላት ትግራይ እንትኸዱ ህዝብና ምስክርነት ንምሃብ ዘርኣዮ ኒሕ ቀልቢ ወረርቲ ዝገፈፈ መርኣያ ፅንዓትን ጀግንነትን ህዝቢ ትግራይ እዩ። ህዝብና ኣብዚ እዋን ክልተ ወሰንቲ ዕማማት እዩ ፈፂሙ። እቲ ቀዳማይ ብልፅግናዊ ምስለኔ መንግስቲ እማሪ ክይተክል(Anti Establishment) እንትኸውን እቲ ካሊእ ድማ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ዳግመ ውደባ ክገብሩ ዘኽእል ግዜ ክረኽቡ ምግባሩ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ቃልሱ ካብ ኢዱ ክይትወፅእ ዝገበሮ ተጋድሎ እቲ ድሕሪ ዮሃንስ ዘጋጠሞ ሚኒሊካዊ ፀላኤ ሰናይን ናይ ታሪኽ ዕንኪላሎ ክይድገምን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክይፍጠር ዝተልዓለሉ እዩ። ሰሚሩሉ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ዳግመ ውድባ ገይሩ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ንወርቲ ይሕምሸሾም ኣሎ። ሓሙሽተ ወራራት ኣፍሺሉ ድማ ናብ ፀረ መጥቃዕቲ ይሰጋገር ኣሎ። ፀላእትና ዳግማይ ንትግራይ ገፆም ቆላሕ ክይብሉ ድማ መንእሰይ ትግራይ ብረተይ ኣቕብለኒ እናበለ ናብ ሜዳ ትግራይ ምውሓዙ ቀሚልሉ ኣሎ። ኣብዚ ዘመን እቲ ፍቱው ብሄራዊ ፍናን ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ምኼን እዩ። ኣንታ ብሩኽ ህዝቢ እንኳዕ ናብዚ ኣብቀዐካ

ወራር ትግራይን ዓለማዊ ርኢቶን

ዓለም ንወራር ትግራይ ዳርጋ ባርኾት ሂባትሉ እያ። ዓለም ክብሃል እንከሎ ኣሜሪካን መሓዙታን ዝመርሑ ዓለም እዩ። ዝተረፈ ዓለም በዚ ናይ

አሜሪካ ኢምፓየር ዝፅሎን ሃጥ ተበለ ድማ ኣንፃሩ ፋሕጠርጠር ዝብልን እዩ። ኮሎኔል ኣብዩ ናይ ኣሜሪካን መሓዙታን ባርኾትን ሓገዝን ስለዝረኸበ ትግራይ ሰማዒ ስኢና። ትካላት ሰብኣዊ መሰልን ሚድያታትን እውን ልኩት ኢለን፤ ንህዝቢ ትግራይ ዋላ ጋሕ በል ኢለንኡ። ምምሕዳር ትራንፕ ተኣልዩ ፕሬዝዳንት ባይደን ናብ ሕያይ ቤተ መንግስቲ (White house) ምስ ኣተወ ግን ኩነታት ትግራይ ትኹረት ክረክብ ጀሚሩ። ኣፎም ተለጉሙ ዝነበረ ምዕራባውያን፣ ኪዳናቶም፣ ትካላት ሰብኣዊ መሰልን ሚድያታቶምን ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ገበን እማዚኡ በላ። ኣሜሪካን መሓዙታን ናብ ርኡይ ተግባር ዋላ ኣይእተው ዕቀባ በጀታዊ ሓገዝ ብምግባርን እቲ ጉዳይ ከምዘሻቐሎም ብተደጋጋሚ ብምግላፅን ንፋሽሽታዊ ኮሎኔል ኣብዩ ናብ ዕብድብድ ኣእትዩዎ። ኣብዚ ቃልሲ ካብ ኣሜሪካ ብተወሳኺ ከም በዓል ኣየርላንድ፣ እንግሊዝ፣ ኢስቶንያን ሕብረት ኣውሮፓን ንትግራይ ዝገበርዎ ዲፕሎማስያዊ ደገፍን ውግንናን ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ፍሉይ ቦታ ክህልዎ እዩ። ብደምባዋት ዝምራሕ ሕብረት ኣፍሪካን ቻይናን ዘርኣይዎ ጥልመት ድማ ክንምሃረሉ ኢና። ኣብዚ ብዘይ ቀልዓለም ክንወስዶን ክንመሃረሉን ዝግባእ ጌጋ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ክፍለ ዘመን ምስ ኣሜሪካ ዝወሰድናዮ ናይ ዲፕሎማሲ ሕርያ ንዓለም ብኣይድዮሎጂ መነፅር ጥራሕ ብምርኣይ ኣንፃር ኒዮ ሊበራሊዝም ዝተጉዓዝናሉ መንገዲ ከም ህዝቢ ዋጋ ክንከፍለሉን ትግራይ ብምምሕዳር ዶናልድ ትራንፕ ንኽትጠፍእ ክውሰነላ ሓጊዙ እዩ። ከይዲ ጉዕዞ ፖለቲካ ትግራይ ካብዚ ጌጋ ተማሂሩ ምስ ዓለም ብኩሉ መዳያዊ ፀጋ ትግራይ ኣገላቢጡ ምሕዝነት ክፈጥር ይግባእ።

ምስሌናዊ ብልዕግናዊ ናይ ብሕሶት መንግስቲን ህዝቢ ትግራይን

ኣብ ታሪኽ ትግራይ ብዙሓት ባንዳዊ መንግስታት ነይሮም እዮም። እዞም ንህዝቦም ክሒዶም ምስ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዝወገኑ ማህቡላት፣ ታሪኽ ብክሕደት እያ ትዝክሮም። እዚ ሎሚ ናብ ትግራይ ተላኢኹ ዘሎ መንግስታዊ ባንዳ ግን ብባህሪኡን ስራሑን መሓዛ የብሉን። እዚ ናይ ብሕሶት መንግስቲ ናይቶም ከም ዘርኢ ከጥፍኡና ዝወፈሩ ፀላእትና ልኡኽን ሶኽሳኽን ጥራይ ኣይኮነን። መፀንገሊ ህዝብናን ንብረት ትካላት ህዝቢ ትግራይን፣ ምስ ፀላኢ ኮይኖም ዝጓሉ ጉዳማት ምኽኖም እውን ባዕሎም መስኪሮም እዮም። ይትረፍ ንህዝብና ከመሓድሩ ንረዲኤት ዝመፀ ስርናይ ኣብ ቆፍኡ ሰፊሮም ዝበልዐ ነቐዛት ምኽኖም ፀሓይ ዝወቐዖ ሓቂ እዩ። ብሩባን ኩርባን ፈላልዮም ከባልዑና ፈቲኖም እውን ህዝብና ይርዳእኹም ኢልዎም እዩ። ካብዚ ናይ ብሕሶት መንግስቲ ዝሓዘን ከተማታት እተን ብሸማግለታት ዝመሓደራ ወረዳታት ትግራይ ፅፉፍን ዝሐሸን ምምሕዳር ኣለወን። ህዝብና ብፍላይ ድማ ሊሂቅ ትግራይ ህዝቡ ብምቐዳም እዚ ናይ ብሕሶት መንግስቲ ይትረፍ መሓውር ክተክል ንክልላዊ ካቢኔ እውን ሰብ ስኢኑ ቀንፈዘው ክብል ብምግባርካ ትግራይ ተሓቢና እያ። እዚ መንግስቲ ተተኺሉ ማለት ሊሂቅ ኣምሓራ እቲ ቻልሲን ምድማይን ኣብ መንነ ተጋሩ ንምግባር ዝነበሮ ሕልሚ ተዓዊትሉ ማለት እዩ። መንእሰይ ትግራይ ንወገንካ ንምውጋእ ናብዚ ናይ ብሕሶት መንግስቲ ክትኣቱ የብልካን። ዝጀመርካዮ ምፅያፍ ሕመቓቶም ቀፅለሉ።

ቀፃሊ እንታይ ይገበር?

ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን እዩ ፤ ስለዝኾነ ክንስዕር ጥራይ እዩ ዘለና። እዚ ቃልሲ ኩለመዳያውን ምልኣተ ህዝቢ ዘሳተፈን ብምኽኑ ብዝበለፀ ተጠናኺሩ ክቐፅል ኣለዎ። ኣድማዕነቱ ተጠኺሩ ክቐፅል ኣለዎ እምበር ብዝኾነ ምኽኒት ንድሕሪት ክምለስ የብሉን። እቲ ምግዳል ብዝተፈላለየ መልክዑ ክካየድ ኣለዎ።

ትኽእል ዝተረፈት ግብሪ እዚኣ እያ።

ናብ ሜዳ ምውራድ፣ መንእሰይ ትግራይ ንወርቃዊ ታሪኽ ተሓፅዩ እዩ። ብዓሰርተታት ኣሻሓት እውን ናብ ደምበ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ እናተፀምበረ ይርከብ። ፀላእትና ናብ መቓብር ክሳብ ዝወርዱ ተጠናኺሩ ክቐፅል ኣለዎ። ህዝብና ከም እንስሳ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ተሃዲኑ እናተቐተለ ፣ ምጭዋት ኣሕዋት ብኣምሓራዊ ዘርኢ ክነፅርየክን ብዝብል ክብረን እናተገሰሰ፣ ዓዲ ሙሉእ እናባደመን ህዝብና ብጥሜት ከሃልቅ እናተሰረሐን ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ከምዘይምልከተካ ምፅባይ ናይ ሞት ሞት እዩ። እዚ ግዜ ታሪኽ መንእሰይ ትግራይ ብወርቂ ዝፀሓፈሉ ዘሎ ግዜ እዩ። ኣካል እዚ ምኻን ዝለዓለ ክብሪ እዩ። ሃየ መንእሰይ ትግራይ ንወገንካ ምሰል፣ እንግድዓኻ ንብዓት ኣዴታትካን ኣሓትካን ሓብሰሉ።

ስነልቦናዊ ልዕልና፣ ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ዘኹርዕ ስነልቦና ዘለዎ ህዝቢ እዩ። ወርሒ ታሕሳስ ንፀላእትናን ዓለምን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝቓሃመ መሲሉ ነይሩ። ኣብዚ ከቢድ ሰዓት እንተኾነ እውን ህዝብና ልዑል ሕራነን ብሄራዊ ስነልቦናን ዝነበረሉ ግዜ እዩ። ህዝብና ብግዜ ምንዋሕ ይኹን ብኻሊእ ምኽንያት ናይ ምስልቻው ይኹን ምዝሕሓል መንፈስ ከርኢ የብሉን። ንፀላኢ ኾነ ንፈታዊ ኣብ ቃልስና ንጡፋት ኣብ መትከልና ትሩራት ከምዝኾና ክነርኢ ኣለና።

ፅየፋ ናይ ብሕሶት ምምሕዳር፣ እዚ ምምሕዳር ብፋሽሽታዊ መንግስቲ ኣብዩ ህዝቢ ትግራይ ንምቕፃዕ ካብ ዝተዳለወ ትካላዊ መስርሓት ሓደ እዩ። ህዝብና ክሳብ ሐዚ ነዚ ናይ ጥፍኣቱ ምምሕዳር ተፀይፍዎ እዩ፤ ኣጠናኺሩ ክቐፅል ኣለዎ። ብዝኾነ መለክዒ እግሪ ክተኽሉ የብሎምን። ናይዚ ምምሕዳር ዝዓበየ ረብሓ ከም ካቢኔ ካብ ስልጣኑ ምውራድ እዩ። ምናልባት ኣብ ታሪኽ ብኣውንታ ክትለዓለሎም

ደገፍ ንሓይልታት ምክልኻል ትግራይ፣ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ምስ ስልያ በጀት ዘለዎም ሰለስተ መንግስታት (ኤርትራ፣ ኢትዮጵያን ኣምሓራን) ገጢሙ እዩ የሻል ዘብል ዘሎ። እዚ በይዛ ህዝቡ ኮይኑ ዝኳሻሕ ዘሎ መንእሰይ ሽገርገር ክብል ኣይግባእን፤ ከም ህዝቢ ዘውቕሰና እዩ። ዋላ እናጠመና ክነፅግቦ ኣለና፤ እናዓረቕና ክንኽድኖ ይግባእ።

ቃልሲ ብሄራዊ ውድባት ትግራይ፡ ውድባት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ፣ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይን ውድብ ናፅነት ትግራይን ዝገበርኡ ዘለዎ ቃልሲ ዝንኣድ እዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበን ንዓለም ኣብ ምቅላዕን ጠመንጃ ንዝተዓጠቐ ወራሪ ብትብዓት ኣብ ምቅላስ ይርከቡ። ህዝቢ ብዘይ ውዳበ ክቃለስ ኣይኽእልን። እዘን ውድባትና ዝገብርኡ ዘለዋ ቃልሲ ከሐይላ ኣለወን። ህዝብና ድማ ኩለመዳያዊ ድጋፍን ከለላን ክህበን ኣለዎ።

ከተማዊ እምብይታ፡ ብውደባ ምንቅስቓስ መናእሰይ ረመፅ ኣብ ከተማታት ዝግበር ዘሎ ህዝባዊ እምብይታ ተጠናኺሩ ክቐፅል ኣለዎ። ንፀላእቲ ካብ ዘርዐድዎም ጉዳያት ሓደ ህዝባዊ እምብይታ እዩ። ናይ ብሕሶት መንግስቲ ዝሕዞን ዝጭብጦን ዝሰኣነሉን ዝተወሰኑ ወታደራት ኢትዮጵያ ንምንታይ ኢና ንዋጋእ? ክብሉ ዝገበረን ዘርዐዶምን እዩ።

ቃልሲ ዲያስፖራ፣ ዲያስፖራ ትግራይ ንፀላእትና ዘዕበድብድ ዘሎ ካሊእ ግምባር እዩ። እዚ ብዘይ ዕርፍቲ ገበናት ወረርቲ ኣብ ምቅላዕ ዝሰርሕ ዘሎ ተባዕ ውዳበ ክሳብ ናፅነት ክቐፅል ኣለዎ። እዚ ኣዝዩ ዘኹርዕን ንህዝብና ፍናን ዝኾነን ቃልሲ ዲያስፖራ ተጋሩ ማእገር ቃልስና ስለዝኾነ ይዓምብብ።

ጋሻ #ረመፅ

አብ ፈለማ ሕታም መፅሄት #ረመፅ ካብቶም ዋና ኣተሓባበርቲ #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ንኽልተ ዕዱማት ገይርና ሒዝናልኹም መሚእና ላለና። ሰናይ ንባብ!

ረመፅ፦ እዚ ተበግሶ ዝተወሰደሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ባህጊ፦ ትግራይ ብወረርቲ ሓይልታት ተወሪራ ነባራትን ሓደሽትን ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ከካብ ዘለውሉ ተፀዋዊያም ቕሉዕ ኹናት ምስ ላወጁ እቲ ቓልሲ ህዝባዊን ናይ ኹሉ ትግራዋይ ሓላፍነትን ስምዒትን ምኻኑ እሙን ነይሩ። ንሕና ድማ ኣብቲ ቓልሲ ከህልወና ዝኽእል ግደ እንታይ እዩ? ከንብል ምስ ብዖተይን መሓዙተይን ከንመኻኸር ፀኒሕና።

ብዙሕ ሓሳባት እኳ እንተነበሩ ብዋናነት ግን ኽልተ መማረፂ ነይሩና። እቲ ሓደን እንኮ መማረፅን ዝነበረ በረኻ ወሪድኻ ፀላእትኻ ኣብ ግምባር ምግጣም እንትኾን እቲ ኻልኣይ ኣማራፂ ድማ ናይ ከተማ ቓልሲ ምክያድ ነይሩ። ኣብቲ ሕሱም ግዘ እሞ ድማ በብደቓይቕ ኩነታት ኣብ ዝለዋወጥሉ እዋን "ናትና ግደ ኣበየናይ ዝበለፀ ነቲ ቓልሲ ሓጋዚ ይኽውን?" ዝብል ሕቶ ብህድኣት ምምላስ ኣድላዩ ነይሩ።

ኣብዚ ትንፋስ ዝኽልእ እዋን ፀላእትና ብሰማይን ብምድርን መሬት ትግራይ እንትሓርሱ ከተማታትና እንተዕንው ሚድያታት ትግራይ ተዓፅየን እቲ ዝነበረ መራኸቢ መስመር ተበቲኹ ህዝብና ካብ ሓበሬታ ርሒቑ ብዝረኽቦ ናይ "ሕሜት" ወረታት ኣብ ደንገርገር እንትኣቱ "ሓይሊ ትግራይ ተደምሲሱ እዩ" ብዝብል ብዕራይ ወለድ ፃዕዳ ሕሶት ሚድያታት ትምክሕቲ ርእሱ እንትደፍእ ድቃስ ዝኽልኦና መናእሰይ እቲ ቓልሲ ናይ ወለዶ ቓልሲ ስለዝኾነ ንሕና ድማ ትግራይ እናበልና እንዝምር ዝነበርና መናእሰይ ብዋናነት ይምልከተና እዩ ኢልና ብምእማን፤ ብዋናነት ድማ ኣናእሽቱ የሕዋትናን ዓበይቲ ኣያታትናን ፈቐዶ በረኻ ምስ ፀላእቲ ቐትርን ለይትን እንትዋደቑ ኣብ ከተማ ኾፍ ኢልኻ ምንባር ዝወለደልና ሕማም ክንሕክም ቓልሲ ህዝቢ ትግረይ ክቀፃፀልንን ህዝብና ካብቲ ደንገርገር ክወፅእን ናትና ግደ ወሳናይ ምኻኑ ብምእማን እታ ኻልኣይቲ ናይ ቓልሲ ስልቲ(ናይ ከተማ ቓልሲ) መሪፅና ኣብ ከተማታት ትግራይ ክንውለያ መረፅና።

እዚ ቓልሲ እዙይ ፈጣንን ሓደገኛን ስለዝኾነ ብዝለዓለ ጥንቃቐ ክኽወን ከም ዘለዎ ብምእማን ምድላዋትና ጀመርና። ኣብ ሓፂር ግዜ ድማ ነዚ ቓልሲ ዝመርሕ ፅሑፍን ሰነድን ተዳሊው ብሕቡእ እናተመያየጥና ድሕሪ ምፅናሕ ምድላዋትና ዛዚምና ምንቅስቓስ ጀመርና።

ረመፅ ፦ እስኪ ብፂት ሓርነት ድማ ከም ጓል ኣነስተይቲ ናብዚ ምንቅስቃስ ክትኣትይ ዝገበረኪ ፍሉይ ምክንያት እንተሃልዩ ኣውግዕና ?

ሓርነት ፦ ብፍላይ ድማ ከም ትግራወይትን ጓል ኣንስተይቲን ኣብ ዓደይ በፂሑ ዘሎ መትሓዝን መጨበጥን ዘይብሉ መከራ፣ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋተይ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሕ ዘሎ ክትዛረቦ እኳ ዝኽብድ በትሪን ወፅዓን ፣ ፀላእቲ ኣፎም ከፊቶም ክውሕጡናን ከምዘርኢ'ውን ከጥፍኡና ኣብ ዝሰርሕሉ ዘሎ ግዜ እጃመይ ከወፊ ኢለ እየ፣ ምንቅስቃስ መንኣሰይ ትግራይ ረመፅ ተፀንቢረ።

ረመፅ፦ ኣብዚ ቓልሲ መን ይሳተፍ ኣሎ?

ሓርነት፦ ብፃይ ባህጊ ንምግላፅ ከምዝፈተኖ እዚ ቓልሲ ናይ መላእ ህዝቢ ትግራይ ቓልሲ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ መላእ ከተማታት ትግራይ ዝርከብ ህዝብና ብፍላይ እቲ መንእሰይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣካል እቲ ናይ ከተማ ቓልሲ ኾይኑ ይሳተፈሉ እዩ ዘሎ። ዛጊድ ብውፅኢቱ ድማ ሕጉሳት ኢና።

ረመፅ፦ ቀንዲ ዕላማ ረመፅ እንታይ እዩ?

ባህጊ፦ ፀላእቲ ኣብ መገዛ መሬትና ኣትዮም ኹለመዳያዊ ቓልሲ ጀሚሮምልና ኣለው። መሬትና ክቐራርሱ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖምያዊ፣ማሕበረሰባውን ስነ-ኣእምሮኣዊን ጥቕዓት(assault)ብምክያድ፣ ታሪክናን ኽብርናን ከጥፍኡ ኮታስ ከም ህዝቢ ከንፅቱና ትግራዋይ ዝበሃል ካብ ገፀ-ምድሪ ከጥፍኡ ድቃስ ስኢኖም ሕር-ዲግ ይብሉ እዮም ዘለው። #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ነዚ ክቕልብስ ኣንፃር ፀላእቱ ተሰሊፉ ምስቲ ናይ በረኻ ቓልሲ ብምውዳድ ፀላእትና ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምድርዓምን ትግራይና ዘለኣለማዊ ቅሳነት ክትረክብን ዝዓለመ ምንቅስቓስ እዩ።

ረመፅ፦ ክሳብ ሕዚ ብዘሎ ምንቅስቓስ እንታይ ኣዐዊትና?

ባህጊ፦ ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብዋናነት ናይ ከተማ ቓልሲ ዓሊሙ ዝተልዓለ ውዳበ ቃልሲ እዩ። ነዚ ናይ ከተማ ቓልሲ ከሰጉሙ ተባሂሎም ዝተሓሰቡ ድማ ዝተፈላለይ ዓበይቲ ክፍልታት ተጣይሾም ምንቅስቓስ ተጀሚሩ። ንኣብነት ካብቶም ኣርባዕተ (4) ዋና ክፍልታት (departments) እቶም ክልተ ዝሰርሕዎ ክነግረካ.... ሓደ... ክፍሊ ፀረ እግሪ ምትኻል ብልፅግና (Anti-establishment of pp). እዚ ክፍሊ እዚ ብዋናነት ዋና ፀላኢና ዝኾነ ጉጅለ ብልፅግና ኣብ ትግራይ እግሪ ንክይተክል ዝዓለመ እዩ።

እዚ ጠላም ጉጅለ እዚ "ግዝያዊ መንግስቲ እየ" ኢሉ ዓርሱ ካብ ዝሰየመሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ከተማታት ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ብስርቂን ጉሕለትን ዝፍለጡ ብገንዘብ እናዓደገ ንኽብዶም ዝሓድሩ ድኹማት ብምእካብ ውዳበኡ ከስፍሕ ዓርሱ ድማ ከም መንግስቲ ቐፂሩ ምንቅስቓስ ጀሚሩ ነይሩ። እዚ ጉጅለ ጠላማት እዚ ፈለማ ትግራይ ኣትዩ ዝጀመሮ ስራሕ ድማ "ቢቃ ኣኽለ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ተደምሲሱም እዮም፣ መንግስቲ ትግራይ ዝበሃል የለን..." ዝብል ናይ ሕሶት ወረታት በዞም መጣቐዕቱ ኣቢሉ ብምዝርጋሕ ህዝብና ርእሱ ክደፍእን ነቲ ጉጅለ ጠላማት ድማ ከም መንግስቲ ክቕበሎም እዩ ፈቲኑ።

" ፀላእትና ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምድርዓምን ትግራይና ዘለኣለማዊ ቅሳነት ክትረክብን ዝዓለመ ምንቅስቓስ እዩ::"

ነዚ ካብ ብጉሓቱ ዝተዓዘበ ምንቅስቓስ

#ረመፅ ድማ እቲ ናይ ሕሾት ነፍሒ ዝቐልብስ ጭቡጥ ሓበሬታታት እናምፀአ በቲ ዝዘርገሖ መስመር ኣቢሉ ናብ ህዝብና ክበፅሕ ብምግባር ህዝብና ርእሱ ከቕንዕ፣ ክሕርን፣ ክውደብን ክቃለስን እምቢ ንወረርትን ባዕዳውያንን ክብል ብምጉስጓስ ነቲ ዝተኣለመ ናይ ሕሾት ተንኮል ኣፈሺሉዎ እዩ። ህዝብና ድማ ብታሪኹ እውን ንባዕዳውያን ኢዱ ሂቡ ዘይፈልጥ እቲ ቓልሲ ልዕሊ ውልቃዊ ረብሕኡ ከም ዝኾነ ብምርኣይ እቶም ጠላማት መፀግሚ ኣስኢንዎም እዩ። ካብኡ ዘሊሉ ድማ ነቶም እዚ ሓሳረ መከራ ዘውረድሉ ባዕሎም ዝፎኽሱ “ሽማግለታት” ኢና በሃልቲ ናብ መሬት ትግራይ እንትኣትው ፃውዒት ረመፅ ተቐቢሉ መላእ ትግራይ ከም ሓደ ሰብ ሓቢሩ “እምብለይ” ኢሉ ሓሪኑ ትካላቱ ብምዕፃው ከይረብረበ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ብምባልን ነቶም ቀንዲ ፀላእትና ኣሕፊሩ ዕማሞም ከይጀመሩ ብዝመፅዋ መሊስዎም እዩ። ኣብዚ ድማ ጉጅለ ጠላማት ብልዕግና ዓብይ ፖለቲካዊ ስዕረት በዚሕዎ ዝሕዞን ዝጭብጦን ስኢኑ ኣብ ልዕሊ እቲ ጀግና ህዝቢ ዓቕለ ፅበት ፈኽሪን ምፍርራሕን ጀመረ።

በዚ ዘይተሰኮነ ህዝብና ነቶም ኣብ ልዕሊ ትግራይ ብድሮንን ኻልኦት ኣፅዋራትን እናሓገዙ ሓዊ ዘዝንብሉ ዝነበሩ ናይ UAE ዝሓወሰ “ዲፕሎማት” ናብ መቐለ እንትኣትው ኣብ ሰዓታት ብዝተገበረ ነስጓስ ህዝብና እምቢትኡ ኣርእዩ ዳግም ታሪክ ሰሪሑ እዩ። በዚ ዝደንገፀ በዓል ኣታኽልቲ ሃ/ስላሰን ሙሉ ነጋን(ሙሉእ ጌጋ ይብልዎ ደቂ ትግራይ) ኣብ ልዕሊ ህዝብና ትካላት ብምዕሻግ ከፈራርሑ ፈተኑ። ህዝብና ግን እቲ ቓልሲ ልዕሊ ውልቃዊ ረብሓታተይ እዮም ኢሉ እቲ ቓልሲ ናይ ብሓቂ ህዝባዊ ቃልሲ ከምዝኾነ ኣመስከረ።

ከም ውፅኢቱ ድማ ኣባላት እቲ ናይ ጠላማት ጉጅለ ነኒባዕሎም ክባልዑ እቲ ጉጅለ ድማ ፈረኽኽኸ ኢሉ ክወድቕን ኽኢሉ እዩ። እዚኣምን ጥቡቕ ዲሲፒሊን እቲ ውዳበ ክግለፁ ዘይደልዮም

ባህግና ባህጊ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ፀላእትና ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ስሮም ክመሓው፣ ትግራይ ዳግም ናብዚ ዕንክሊል እዚ ከይትኣቱ፣ ተብሃጊትን ተኽባሪትን “ነፃ ሃገረ ትግራይ” ምውናን እዩ።

ዓበይቲ ዓወታት ዝተሓፈሶም ዓበይቲ ስራሕቲን እዮም እምበኣር pp ዝተብሃለ በላዒ ነብሲ ኣብ ትግራይ እግሩ ከይተክል ዝገበርዎ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንህዝብና ዘለና ኽብርን ናእዳን እናገለፅና እቲ ዝበፀሖ ቐፅዓት ድማ ምእንተ ትግራይ ክኽፍሎ ዝግበኦ እቲ ዝተሓተ ዋጋ ምኻኑ ኣሚኑ ከይተሰኮነ ቃልሱ ኣሐይሉ ክቐፅለሉ ንፅውዕ።

ኻልኣይ.. ክፍሊ ሚድያን ዶክመንቴሽንን.. እዚ ክፍሊ ድማ ፀላእቲ መሬት ትግራይ ካብ ዝረገፁላ እዋን ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ እቲ ንፁህ ህዝቢ ትግራይ ዘውረድዎ ንምእማኑ ዘፀግም በደላት ብዝዘርጋሕናዮ ፀቢብ መስመር ብእርይ ቁፅሪ መዝቢቡ ናብ ዓለም ማሕበረሰባት ክበፅሑ፣ ዓለም እቲ ኣብ ፀላም ተኽዊሉ ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታት ክርደኣን ኣቓልቦ ክህቡሉን ኣብ ምግባር ብፍላይ ድማ ናይ ዓለማ ማሕበረሰባት እቲ ዝበፀሐ ግፍዒታት ከይረኽብዎ ክሸፍኑን ሓበሬታ ከጥፍኡን ዝጓየዩ ዝነበረ ከዳዓት ኣባላት ብልዕግና ቀቅድሚኣም እናሰነመ እቲ ዘድሊ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ፤ ኣብ መላእ ትግራይ ብኽውል ይኹን ብቐሉዕ ዝስርሑ በደላት እናተኸታተለ ብፍላይ ድማ ኣባላት እቲ ጠላም ጉጅለ፣ ኣብ መላእ ትግራይ ተዘርጊሖም ህዝቢ እናፈራርሑ ዝምንዝዑ ለያቡ፣ ኣብዚ ፀላም ግዘ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ምስቲ ከዳዕ ጉጅለ እናተመሻጠሩ ንብረት ትግራይ ኣብ ምምንዛዕን ምሻጥን ዝተዋፈሩ ነጋዶን ውልቀ ሰባትን.. መን እንታይ ይገብር ከምዘሎ እናተኸታተለ ከከም ኣድላይነቱ ክስነዱን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክበፅሑን ኣብ ምግባር ዕውት ስራሕ ሰሪሑ እዩ።

ኣገልግሎት ስልኪ ኣብ ዘይነበረሉን channels of communication ዅሉ ኣብ ዝተዓፀወሉን እዋን እዚ ክፍሊ በረርቲ ወረቀታት ኣዳሊው ብምብታንን ገዛገዛ ብምዛርን ህዝብና ከይደናገፅን መዓንጡ ሸጥ ኣቢሉ ቃልሱ ክቕፅልን ክሕርንን ኣብ ምግባር እውን ዕውት ስራሕ ሰሪሑ እዩ። እቶም ዝተረፉ ክልተ ዋና ክፍልታትን ኻልኦት ብክፍሊ (department) ዘይተጣየሹን ምንቅስቓሳትን ፍፃመታተን ንግዚኡ ኣብዚ ምጥቃሱ ስለዘየድሊ ክሓልፎም እሞ ግዚኡ ምስኣኸለ ብስፍሓት ክንዛረበሉ።

ረመፅ፦ ኣብ ከተማ ዝካየድ ቓልሲ ሓደገኛን ሂወት ሰብ ብዙሓት ድማ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ምስቲ ምኽኑ ከመይ የኽይድ?

ሓርነት፦ እወ ከምቲ ዝፍለጥ ናይ ከተማ ቓልሲ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ንእሽቶይ ስሕተት እንተፈፂምኻ ሂወት ብዙሓት ዝቐጥፍ ኢሉ ድማ ነቲ ቓልሲ ዘተዓናቕፍን ክኸውን ይኽእል እዩ። ግን ድማ መስዋእቲ ዘይብሉ ቓልሲ ኣይከህልውን እሞ ምእንተ እታ ልዕሊ ቐርበትና እነፍቅራ ትግራይ ዝኽፈል ዝኾነ ይኹን ክንኽፍል ከም እንኽእል ክንፈልጥ ይግባእ ድልውነት ድማ የድሊ። እዙይ ማለት ግን ብሃበ ተረኽበ ወይ ብዓይነ ዕሙተይ ክንነዱ ከይኾነ ኣብዚ ዓውዲ ክሳተፉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ምሁራትን ሰብ ሞያን ዘሳተፈ፣ ብልዑል ጥንቃቐ ተሓሲቡሉ ዝግበር ቓልሲ ምኽኑ እሙን እዩ። ንሕና ድማ ፈለማ ዝኽድናዮ ኽያዶ እንኣምኖም ውሑዳት ኣብ ቐረባና ዘለው ሰባት ምምልማል እዩ።

ዳሓር ድማ ነዚ ስራሕ ሓገዝቲ ዝኾኑ ሰብ ሞያ ብምቐራብ ዕላማ ናይዚ ምንቅስቓስ ብምርዳእ ኣካል እቲ ምንቅስቓስ ክኾኑ ምእማንን ምምኻርን እዩ ነይሩ። ካብኡ ንታሕቲ ዝዝርግሑ ኣባላት ድማ ብዘይካ ውሑዳት ሰባት ነንባዕሎም ከምዘይፋለጡ ገይርኻ ዝተፈላለዮ ውዳበታት ምስራዕ እዩ። እዚ ዳርጋ ኣብ መላእ ትግራይ ተዘርጊሑ ዘሎ ምንቅስቓስ ቐፅሩ ዘይነዓቐ መንእሰይ ዘሳተፈ እንትኸውን ንምሸጥራውነቱን ሓደጋ ንምቓናስን ተተሊሙ ሕድሕዱ ንኽይፋለጥ ተገይሩ ብጥንቃቐ ዝተቐንበበ ውዳበ እዩ። ነዙይ እዩ ድማ ፀላእትና ለይትን ቐትሪን ደኺምም ክበፅሕሉ ዘይኽእሉ። ግን ድማ ኣብ ሞኽራኹዕቶም ተሸጊጥና እንሰርሖ ዘለና።

እቲ ዝርገሐ ኣባላትና ድማ ኣብ ውሽጦም እንተይተረፈ ዘሊቐ ብምእታው መዓልታዊ ውዕለኣም እንተይተረፈ እናመዝገበ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ዝተመረፀሉ ሰዓት ሓደሽደሽ

ዘብሎም ዘሎ። ነዚ ድማ ንመላእ ኣባላት ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ እዚ በላዒ ስርዓት ተሰሪዖም ንነብሶም እንተይሰስዑ ዝሰርሕዎ ዘለው መስተንክር ዝላዓለ ኽብርን ናእዳን ብስም ህዝቢ ትግራይ ክገልፀሎም ይፎቱ።

ረመፅ፦ ምስቲ ኣብ በረኻ ዘሎ ሓይሊ ዘለና ምትእስሳር እንታይ ይመስል?

ባህጊ፦ ቕድም ኢለ ከምዝገለፅኩዎ እዚ ናይ ከተማ ቓልሲ ኣካል እቲ ህዝባዊ ቓልሲ ክኸውን ተዓሊሙ ኣብ ከተማ ዝተጣየሸ ውዳበ እዩ። ፈለማ እቲ መራኸቢ መንገድታት ዕፁው ስለዝነበረ ኣብ ከተማታት ጥራሕ ተደሪቱ ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ ነይሩ። ዳሓር ድማ ዕድላት እናተረኸበ ብዝተፈላለዩ መራኸብቲ መንገድታት ምስቲ ናይ በረኻ ከተኣሳስር ብምግባር ብዝተኽኣለ መንገዲ ተናቢቡ ክኸይድ ተሞኪሩ እዩ።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ኣዋርሕ ግን መራኸቢ መንገድታትና ብምስፋሕ ተወከልቲ እዚ ምንቅስቓስ ድማ ምስቲ ናይ በረኻ ሓይልና ብኣካል ብምርኻብ ዘድልዮ ነገራት ብምዝርራብ ኣንፈት ተነፂሩሉ ስሩዕን ዝተናበበን ምንቅስቓ እናተኻየደ ይርከብ። እዚ ጥራሕ እንተይኾነ ግን ምስቶም ካብ ትግራይ ወፃኢ ዘለው ደቂ ትግራይ(ኣብታ ሰናዕ ሃገርን ኣብ መላዕ ዓለም ዝርከቡ ዲያስፖራታትን) ድማ ብመራኸብቲ መንገድታትና ተጠቒምና ከተኣሳስር ተገይሩ ሓቢሩ እናተናበበ ዕውት ስራሕቲ ይሰርሕ እዩ ዘሎ። ከም ውፅኢቱ ድማ ፀላእትና ዝሕዝዎ ዝጭብጥዎ ስኢኖም ነንባዕሎም ክባልዑ ንዕዘብ ላለና።

ረመፅ፦ ብስም #ረመፅ ተዋፊሮም ዝሰርሑ ዝተፈላለዩ ውዳበታት ከምዘለው ይዝረብ እዩ ነዚ ከመይ ኢኹም ይርኣ?

ባህጊ፦ ከምቲ ዝበልኩኻ እዚ ቓልሲ ናይ መላእ ህዝቢ ትግራይ ቓልሲ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኹሉ በብዝኽኣሎን በቢ ዝመሰሎን መንገዲ ኣካል እቲ ቓልሲ ብምኻን ይኳሻሕ እዩ ዘሎ። ኣብ ከተማታት ትግራይ ድማ ዝተፈላለዩ ውዳበታት ዝተፈላለየ ሽም ሰይሞም ይንቀሳቐሱ ምህላዎም ይፍለጥ እዩ። ብስም ረመፅ ዝተሰየሙ ዉዳበታት ድማ ኣለው እቲ ዘገድስ እቲ ስም ከይኾነስ እቲ ስራሕ እዩ።

ብዙሓት ቐኑዓት የሕዋትና ተበግሶ ወሲዶም ፀላእቶም ክድርዕሙ ድቃስ ዝሰኣኑ መናእሰይ ቐሪብና ብምዝርራብ ሓቢርና ንሰርሐሎም ዕድላት ብምፍጣር ዝተዋደደ ስራሕ ንሰርሕ ኢና ዘለና። እዚ ክብል እንተለኹ ግን ኹሉ ቐኑዕ ዕላማ ሓንጊጡ ይሰርሕ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ብሽም ረመፅ "እቲ ውዳበ ናትና እዩ" እናበሉ ብስም ህዝቢ ትግራይ ዝሸቅጡ ከዳዓት ከምዘለው ፍሉጥ እዩ። ነዚኣም ድማ እናተኽታተልና መን እንታይ ይሰርሕ ከምዘሎ እንፈልጦ ጉዳይ እዩ። ንኹሉ እናዘርኻ ኣነ እከለ እየ እስኻ መን ኢኻ ኢልኻ ምዝርራብ ንምሽጣራዊነት እቲ ቓልሲ ዝጠልቦ እውን ስለዘይኾነ እቲ ክሳብ ሕዚ ዝሓሰብናዮ ናይቶም ሰባት መንነት ፈሊኻ ምፍላጥን ንጥፈታቶም ምክትታልን እዩ ንቐፃሊ ግን እንወስዶም ምትዕርራያትንን ስጉምትን ክህሉ ይኽውን እዩ።

ረመፅ፦ ባህጊ ረመፅ ብኣንበብቲ ግለፁልና?

ሓርነት፦ ባህግና ባህጊ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ፀላእትና ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ስሮም ከመሓው፣ ትግረይ ዳግም ናብዚ ዕንክሊል እዚ ኪይትላቱ፣ ተብሃጊትን ተኽባሪትን "ነፃ ሃገረ ትግራይ" ምውናን እዩ። ውሳንኡ ድማ ብህዝበ ውሳነ ይኽውን።

ሃፍቶም ሃፍቲ ዓዲ!

ፀጋ ንትግራይ

ሓቂ ንምዝራብሲ... እቲ ዝሓለፈ ጀግንነት ወለድና ቃላት ክገልፅዎ ዓቕሚ ዝውሕዶም፣ ወዲሰብ ክበፅሑ ዝኽእል ጫፍ ጅግንነትን ትብዓትን፣ ናብ ተኣምራት ዝቐርብን ክድገም ዘይኽእልን እዩ ኢለ ካብ ልበይ ይኣምን ነይረ... እወ! ተጋደልቲ ኣያታትና ዝፈፀምዎ መስተንክር ይትረፍ ካሊእ ንሕና፣ ምስኣቶም ስነልቦናዊን ስነህይወታዊን ምትእስሳር ዘለና ደቆም ደቂ ትግራይ እኳስ ናይ ምድጋም ተኽእሎ የብልናን ኢለ ነዚ ኣጀንዳ 'ዕፅው' ኢለ ካብ ዝሓድነ ዓመታት ኣቐፂረ ነይረ.. ተጋግየ መስለኒ!... ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ እነሆ ታሪኽን ተኣምራትን ኣያታቱ ክደግም ሆ ኢሉ 'ዕሰልየ ንኣቦኻ ምሰልየ' ኢሉ ካብ ዝኸተተ ሓሙሽተ ወርሑ ሓሊፍዎ ኣሎ።

ፃዓዱ 'ታሪኽ ንዓርሱ ይደግም' ንዝብልዋቶ ኣበሃህላ 'ታሪኽ ኣያታት ብደቆም ይድገም ኣሎ' ኢለ ንሎሚ ፅሑፈይ ከጣምሞ ይፈቐለይ! እወ 'ታሪኽ ኣያታት ብደቆም ይድገም ኣሎ'። እነሆ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ታሪኽ ተጋዳላይ ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ...

ሃፍቶም 'ሃፍቲ ዓዲ'... ሓደ መሓዛይ ደዊሉለይ 'ናይ ሃፍቶም(ነዚ ፅሑፍ ሽሙ ዝተቐየረ) ነገር ሰሚዕኻ ዶ? ኢሉኒ ደንጊፀ 'ኣይዳሓንን ድዩ?? ኢለዮ። 'መውጋእቲ ገጢምዎ ብዖቱ ንሕከምና ንሓራ መሬት ወሲዶምዎ ሰሚዐሞ፣ ውፅእ ኢልና ሓቲትናዮ ዘይንመፅእ ኢሉኒ.. ድንጋፀ፣ ቁጠዐን ሓዘንን ክስመዐንን ውሽጠይ ክግሁርን ይፍለጠንሎ.. 'ሕራይ' ኢለ መሊሰሉ(ውሽጠይ ተረቢሹ)

ዕድለኛታት ኾይንና ተዓፅዩ ዝቐነየ መንገዲ ውቕሮ- ኣፅቢ ተኽፊቱ(ነዚ ፅሑፍ ናይ ቦታ ስም ለውጢ ዝተገበረሉ) ንሃፍቶም ክንረክብ ሃፂፅና ኣነይ መሓዛይን ኣንኒህና መናሃርያ ተራኺብና፣ ክትመልእ ክልተ ሰብ ጥራይ ተሪፍዋ ዝነበረት ሚኒባስ መሊእና ጉዕዞ ጀመርና...

ፅርግያታት ትግራይ ኾነ ተባሂሉ ብርጋፅ ታንኪታት ፀላእቲ ተበላሽዩስ መኪናና ሓፍነቕ ተብለናላ። ኣብትን ኣብቲን ዝተቓፀሉ ገዛታትን ዓውድታትን ሓረስታይ ይረኣየኒሎ(ምስ ከመይ ዝበሉ ድሑራትን ኽፉኣትን ኢና ብሓንሳእ ንነብር ነይርና ኢለ ይሓርር).. ንእሽተይ ምስ ተጉዓዝና ድማ ደቅና ሃደሽደሽ ዘበልወን ታንክን ኣራላትን ፀላኢ ይሪኢ(የሚስ! እብል ድማ ብውሽጠይ)... መንገድና ቀፀልና..ወዝቢ ኣብቲ ሚኒባስ ዝተሳፈሩ ደቂ-ትግራይ ክሪኦም ፈተንኹ። ሰለስተ ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና ሓዊሱ ኩሉ ተሳፋሪ ገፀ ዝኣሰረ እዩ፤ እወ ትግራዋይ ኣይጠዓሞን ዘሎ፤ ተቐጢዑ እዩ ዝነህ!!!!

ኣይደቀስኩን ሓዲረ! ሃፍቶም እቲ ነዊሕ፣ ሃፍቶም እቲ ፀሊም ምዕሩግ፣ ሃፍቶም እቲ ነጊዱ ክህፍትምን ንኻልኦት እውን እንጀራ ክኸፍትን

ጀሚሩ ዝነበረ ነጋዳይ...ሃፍቶም እቲ 'ስማርት ፎኑ' ካብ ኢዱ ዘይፈልን ናብ ስርሑ ኸይደ 'ኣንታ እዚ ፌስቡክ ግደፍ፣ ፃዕዳ ርሃፅ ሪሂፅካ ዝኣከብኻየን ቅርሽኻ ከውደአልካ እዩ፣ ትኹረትኻ ኣብ ስራሕካ ዳኣ ኢለ ፍርቂ ቀልዲ ፍርቂ ምኽሪ ሸው ዘብለሉን.. ንምኽረይን ቀልደይን ሸለል ኢሉ..

'ኣንታ ዛትግራይ ዓድናስ ምዕዳላ ናዓ ዙተባዕ እከለ ዝፀሓፎ ኣንብብ.. ናዓ እከለ ዝበሃል ሊቅ ዝፀሓፎ ኣንብብ ዝብለኒ.. ነጋዳይ ተነገደ እምበር ፖለቲካስ ኣየጥዕመሉን ኢለ እንትቕልደሉ.. ከላእ ንዓሞ እቲ እገለ ዝፀሓፎ ረአዮ(ፐአ እናበለ ብመናእሰያት ኣከቲቪስታትን መራሕቲ ብሄራውያን ውድባትን ዝግረም)... እወ ሃፍቶም ክረአየኒ እዩ ሓዲሩ(እቲ ተጋዲሉ ሰሚዐስ ንትግራይ ዘለዎ ሓያል ፍቕሪ ኣፀቢቕ ስለዝፈልጥስ ዘይገረመኒ).. እወ ሃፍቶም ሃፍቲ ዓዲ! ትማሊ መሓዛይ 'መውጋእቲ ገጢምዎ' ዝበለኒ ግን መመሊሱ ይርብሸንሎ(ወይ ዙሓወይ! ከመይ ይሳቐ ይህሉ? እንታይ ይብልሎ ይኾን? ስቓይ በርቲዕዎስ ምግዳሉ ምተረፈኒ ዶ ይብል ይህሉ ይኾን??..

እዚ ወዲዚ እናስተማሰልኹ እናሃለኹ ሃንደበት እታ ዝተሳፈርናላ ሚኒባሰ ደው በለት.. ኬላ!! መገዛ ዓድናስ ወታደራት ኢትዮጵያ(ንዲም ተጋዳላይ ምግበይ እታ ንምፅዋዓ እውን ተሰክፈካ ሃገር ኢሉ ብልካዓ ዝገለፀለይ)ምንግልታዕ ብዝተመለአ መንገዲ ፈተሹና(ውሽጠይ ሓዊ ኾይኑ ነዲዱ መገዛ ዓድኻስ እዞም ድሑራት ከንገላትዑኻ? ዘይትጋደል? ኢሉ ድማ ናዓቐኒ).. ኻልኣይ ኬላ እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ተፈቲሸና ድሕሪ ምሕላፍና ኣብ ሳልሳይ ናይ ፍተሻ ኬላ ግን

"

እቲ ኹናት ኣጋ ምዝዛሙን ፀላኢ ህድማ ክጅምር ምስ በለን ናይ ዓቕሊ ፅበትን ተስፋ ምቑራፅን ይትኩሰዎም ካብ ዝነበሩ መሳርሕታት ሓደ ኣብ ደረተይ ኸባቢ ሓደ ድማ ኣብ ኢደይ ዓሊቡ(ንዝተወሰኑ ሰዓታት ውነይ ስሒተ ድሕሪ ምፅናሕ እንትነቅሕ ኣካላተይ ብደም ተሓሚቡ ሪአዮ:: ብዖተይ ድማ ኣጆኻ ሃፍቶም ተዓዊትና ኢና እንትብሉንን ሰሚዐ...

"

ዘይተፀበናዮ ነገር ገጠመና። እቶም ፈተሸቲ እቶም ደቅና(ኣባላት TDF) ኾይኖም ረኸብናዮም።

ምስ ህድኣቶም ስርዓቶምን ግርሞኦምን ኣለው፤ እዋይ መዓርግ እዋይ ግርማሞገስ!! ሓላላት ፍቑራት ፍጥረታት! ኣብታ ሚኒባስ ዝነበረ ሰብ ሓጎሱ ምቁፅፃር ኣይከኣለን(ብፍላይ ተሳፈርቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣሓትና ብናይ ታሕጓስ ንብዓት ተሓፂበን ብናይ 'ኣዮና' መንፈስ ነቶም 'ደቅና' ብስስዐ ይሪኢኦም ነይረን)... ካብ ዝፈተሹና ጀጋኑ ክልተ ኣሕዋትናን ሓንቲ ሓፍትናን እቲ ሓደ 'ኣጀኹም ደቂ ትግራይ ኽብርቲ ዓወትና ቀሪቡ እዩ' ኢሉና.. ውሽጠይ ብፍቕሪ፣ ብሓቦን ንምንታይ ክሳብ ኸዚ ዘይተጋደልኹን ብዝብል መንፈሳዊ ቕንእን ተመሊኡ ሕምስምስ በለኒ።

ኣነይ መሓዛይን ካብ መኪና ወሪድና ብእግሪ ጉዕዞና ቀፀልና.... ድሕሪ ዝተወሰነ ጉዕዞ ዳግማይ ኣባላት TDF(ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ) ረኺብና ዝመፃናሉ ጉዳይ ነኺርና ሃፍቶም ዝደቀሰሉ ገዛ ክሕብሩና ሓተትናዮም። ብፍፁም ፍቕርን ትሕትናን ምስ ኣዛረቡና ካብኣቶም ሽሻይ ዝተብሃለ(ነዚ ፅሑፍ ሸሙ ዝተቐየረ) ምልኩፅን ኣዝዩ ትሑትን ተጋዳላይ ናብታ ሃፍቶም ዝደቀሰላ ፀባብ ገዛ ወሲዱና....

ሃፍቶም ማዕረ እቲ ነዊሕ ቁመቱ ኣብ ዝኾነት መደብ ተገዲሙ ብዝተዓሸገት ኢዱ ደጊፉ ብኻልኣይቲ ኢዱ ራድዮ እንትጉጥጉጥ በዪሕና። ክኣምንኣይከኣለን..ብፍሽኽታ ተመሊኡ 'ክንጋደል እምበር ንእሽተይ ተወጊእኻ ሰሚዕናስ ክንሓተካ መፂእና ጥራይ ከይትብሉኒ' ኢሉ ካብ መደቡ ክልዓል ጀመረ ... 'ርግፀኛ እየ እቲ ነዊሕ መሓውርኻ ደገ እዩ ዝሓድር ዘሎ' ኢለዮ ተሰሓሒቕና ኣብ ኸባቢ ፀጋማይ ደረቱ ዘሎ መውጋእቲ ከይንጎድአ ተጠንቂቑ ተሓቋቒፍና(ብሃፍቶምን ብዖቱን ብሓፈሻ ብጅግንነት ደቂ ትግራይ ተሓቢነ መስለኒ እንድዕለይ ገና ፍሽኽታይ ከይኸሰመ ኣሚንተይ እውን ብንብዓት ተመለአ)።

ንእሽተይ ዕርፍ ምስ በልናን ኣብ ኸባቢ ፀጋማይ ደረቱ ከምኡ እውን ኣብ ኣእዳው ዝተወገአ ሃፍቶም ኹነታት ጥዕንኡ ምስ ተዓዘብናን ዕላል ናፍቕና ጀመርና.... ሃፍቶም ወዝቢ ናባይ ቆላሕ ኢሉ 'ኣንታ ፀጋ ሓወይ ዘይትጋደል? ኢሉኒ... ክዛረብ ከንፈረይ ከንቀሳቕስ ምስጀመርኹ ሃፍቶም ወግዑ ቀፀለ "እወ ገድሊ መውጋእቲ ፣ መቕሰልቲ፣ መስዋእቲ እውን ኣለዎ። እወ ገድሊ ፃምእን ጥሜትን ድኻም እውን ኣለዎ እዩ። ግን ከ? ደኺምካ ፀሚእካ ጠሚኻ ወይ እውን ዋላ ቆሲልካ ፀኒሕካ ንእሽተይ ህድኣት ኣግኒኻ ክትሓስብ ከለኻ ወይ እውን እቲ ሕያዋይ ገባር እቲ ጅግና ህዝብና ረኺብካ ሓንቲ ኩባያ ማይ ክህበካ ተሎ ወይካዓ ኣያታትና እቶም ገዳይም ተጋደልቲ፣ መራሕቲ ካልኣይ ወያነን ወየንቲ ትግራይን ክትርኢ ከለኻ እቲ ትኽክለኛ ርውየት፣ ዕግበት ይኹን ሩሁብ ዕረፍቲ ምሳኻ ኸምዘሎ ይስመዐካ፣ ናይ ብሓቂ ይርደአካ እውን...

እወ ብዖትና ምእንተ ትግራይ ተሰዊኦም 'ብኽብሪ እንትንቕብሮምን' ኣዘንቲ ሓይሊ 'ብፃይ ትፍለየና ኣለኻ ምእንተ ትግራይ ኢኻ በጃ ኾይንካሞ ፍሉይ ክብሪ ንዓኻ' ... ኢሎም ናይ ስንብት ዘረባ እንትፍልሙ.. እንታይሞ ክብለኩም 'መኣዘ እየ ኣነኸ ንትግራይ ዓደይ ዝስወአላ? መኣዘ እየ ከምዚ ብኽበሪ ዝቕበር??' ዝብል ዝተፈለየ ስምዒት እዩ ዝስመዐካ.... ሃፍቶም እናተዛረበ ብልበይ ኣንታ ዛትግራይስ ክንደይ ጀግና እያ ወሊዳ(ከመይከ ዕድለኛ እያ ኢለ እናሓሰብኹ ፀኒሐ)... 'ክትውጋእ ከለኻ እንታይ ተሰሚውካ? ኢለ ሓቲተዮ(ሓያል ቃንዛ ከምዘሕለፈ ኣይተጠራጠርኩን)....ተጋዳላይ ሃፍቶም ኸምዚ ኢሉኒ።

'ካብ 2007 ዓ.ም ጀሚሩ እንድዒ እቲ ሶሻል ሚድያ ብዕቱብ ይከታተል ስለዝነርኩ መስለኒ፣

ዋላ ከምቲ ኽዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብድሑራት ዝበፀሖ መሰከፍን መስካሕክሕን ነገር ኣይፀበ ኩነታት እዛ ከዳዕ ሃገር ናብ ሕማቕ ኣንፈት ይኸድ ከምዘሎ ይርደኣኒ ነይሩ እዩ። ዋላ ኣብቲ ዝነግደሉ ቅርሺ ዝረኽበሉ ነበርኹ እዋን እታ ዘፍቅራ ትግራየይ እንተተወሪራስ ታይ ክትገብር ኢኻ? ኢለ ንውሽጠይ ይሓቶ ነይረ።

ውሽጠይ ድማ ብታሕጓስ 'ክጋደልየ' ይብለኒ ነይሩ... ኣይተረፈን ድማ ከምቲ ትፈልጥዎ ጥቅምቲ መወዳእታ ተወሪርና ክልተ መዓልቲ እውን ኣይፀናሕኩን ንኣደይ መርቐኒ ኢለ ተሰናቢተያ ናብ TDF ተፀንቢረ። እወ ፈለማ ንእሽተይ ፀገማት ነይሮምና ቀስብቀስ ግን ናብቲ ሐዚ ዘለናዮ ንፀላእትና ዘርዐደን ዘገረመን ቁመና በፂሕና ኣለና... ክትህረም ከለኻስ ታይ ተሰሚዑካ ኢልኩምንስ ናብ ነዊሕ ሓተታ ዶ ኣትየ? ኢሉኒ ገፁ ኣብሪሁን ብፍሽኽታ ተመሊኡን (ኣብ ከተማ እናሃለወ ሃፍቶም ልብኻ እምበር መልከፅኻስ ኣይከንድትን እናበልኹ ዝቅልዶ ነበርኹ ቆልዓ ሐዚ ኣዝዩ ፀቢቑ ተርእዩኒ... ይገርምዩ ንፃምንታይ እዩ ትግራዋይ ተጋዳላይ ምስኾነ፣ ከም ተጋዳላይ ምስተኽደነን ከም ተጋዳላይ ምንባር ምስጀመረን ዝያዳ ዝፅብቕ ግን?... ናይቲ ናይ ተጋዳላይነት ፅባቕ ልቢ ንደገ እናነፀባረቕ ዶ ይኾን?....

ሃፍቶም ኣብ ኽባቢ ደረቱ ዘሎ እናደረቕን እናሓወየን ዝርከብ መጉዳእቱ ንኽእ ንኽእ ኣቢሉ ዘረብኡ ቀፀለ "ሓያል ኩናት ነይሩ፣ ኩናት ወርዒ! ተጋዳላይ ትግራይ ወያናይ ትግራይ ነቶም ሻዕብያ ዝመከሐሎም ኣራዊት ሻዕቢያ ዝበሃሉን ኣብይ ዝጀሃረሎም ሪፓብሊካን ኮማንዶ ዝብልዋቶምን ሓመድ ዝገበረሉ ኹናት ለካቲት..

እቲ ኹናት ኣጋ ምዝዛሙን ፀላኢ ህድማ ክጅምር ምስ በለን ናይ ዓቕሊ ፅበትን ተስፋ ምቑራፅን ይትኩስዎም ካብ ዝነበሩ መሳርሕታት ሓደ ኣብ ደረተይ ኽባቢ ሓደ ድማ ኣብ ኢደይ ዓሊቡ(ንዝተወሰኑ ሰዓታት ውነይ ስሒተ ድሕሪ ምፅናሕ እንትነቅሕ ኣካላተይ ብደም ተሓሚቡ ሪአየ. ብፆተይ ድማ ኣጆኻ ሃፍቶም ተዓዊትና ኢና እንትብሉንን ሰሚዐ... ካበይ መፂኡ ዘይብሎ ናይ ታሕጓስ ንብዓት ገፀይ ሓፀቦ... ንፈለማ እዋን ድማ ንትግራየይ ደም ኽፊለላ ንትግራየይ ቁምነገር ሰሪሐላ ኢለ ኣሚነ ኣስተማቒረዮ ዘይፈልጦ ዓይነት ሓጎስ ኣስተማቒረ በለና ብህድኣት ተመሊኡ... ኦ ሃፍቶም ሃፍቲ ዓዲ!

ድሕሪኡ ብዙሕ ኣዕለልና.. ሰዓት እውን ይኸይድ ስለዝነበረን(ወዮ መገዛ ዓድናስ ሸዋን ሓሻኽሮም ባንዳታትናን "ሰዓት እቶ እቶ" ኣዊጆምልናስ ጥዑም ዕላል ሃፍቶም እናጠዓመና እውን ክንሰናበቶ ግድን ኾይኑና)... ናብታ ፀባብ ገዛ ዘምፀአና ተጋዳላይ ሸሻይ መፂኡ ከወስደና ተሎ እግረመንገዱ 'መሊኡ ከይሓወየ ክዋጋእ ይሃፅፅሎሞ ካብ መፃኹምስ ንእሽተይ መዓልቲ ተዓገስ ኢልኹም ንዓርክኹም ምዓዱልና ኢሉና.. ናብ ሃፍቶም እናጠመተን ብፍፁም ብፆታዊ ስሰፀ እናረአየን(ምትሕልላዮም ክቕነአካ መዓት እዩ)

ንሃፍቶም ተሰናቢትናን ኣብ ቀረባ ከምንምለሰ ቃል ኣቲናን ካብታ ፀባብ ገዛ ወፂአና ገና እግርና ምብጋስ ምስጀመርና ተጋደልቲ ካብ ዘለውዎ ካሊእ ክፍሊ ናይ ፍሒራ ደርፊ ይስመዐንሎ

ፍትሓዊ እዩ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ
ንመሰል መዓርነት 'ንሓርነት' ዳሕራይ

ብሄራዊ ፅብለላ ካብ ሱሩ ቦቂሱ
ቃልሱ ከደላደል ገና ኣብ ምብጋሱ..

መሰለይ ዝበለ ትግራዋይ....

ንምንታይ ንጋደል?

ተኽስተ ረዘነ

ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ብዙሓት ከበድቲ ፀገማት ሓሊፉ እዩ። ኣብ ገሊኡ ንሓፂር እዋን፤ ኣብ ገሊኡ ድማ ንነዊሕ እዋን ንዝገጠሙዎ ብድሆታት ፊት ንፊት ገጢሙ ተጋዲልዎም። በብግዚኡ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊሉ፤ ግን'ኸ ነቶም ፈተንቲ እዋናት ሓሊፉ ህላውኡ ኣረጋጊፁ። እቶም ዘይሰገሩ ዝመስሉ ዝነበሩ እዋናት ተሰጊሮም፤ እቶም ዘይሰዓሩ ዝመስሉ ዝነበሩ ፀላእቱ ደኺዕኺዕ ኢሎም፤ ህዝቢ ትግራይ ግን ቀፂሉ። ሎሚውን ከምዘይምዕዳል ኮይኑ፤ ነባራትን ሓደሽትን ፀላእቲ ተፀዋዊዖም ስለዝወረርዎ፤ ህዝብና ብረታዊ ቃልሲ የካይድ ኣሎ።

ከም ምዕዳል ኮይኑ ግን፤ ህዝቢ ትግራይ ምእንቶ መሰሉን ክብሩን ከመይ ክጋደልን ከመይ ክዕወትን ከምዘለዎ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ። ዓወትና ናይ ግድን ምኽኑ ድማ ታሪኽ ምስክር እዩ። እንጋደል ዘለና፤ ኩናት ስለእንፈቱ ኣይኮነን። ። እንጋደል ዘለና፤ ኩናት ዘብፀሖ ማህሰይቲ ስለዘይንፈልጥ ኣይኮነን። ልዕሌና በሰላ ኩናት ዝፈልጥ የለን። እኳደኣስ፤ ንኩናት ብቕረባ ስለእንፈልጦ፤ ፀላእትና "ኩናት ኣውርድ" ኢሎም እንትምህለሉ፤ ናብ ኩናት ተሃንዲድና ክንኣቱ እንትተኺትኹና፤ ምእንተ ሰላም ተፀሚምና።

ኣብ መወዳእትኡ ግን፤ ብሓደ ወገን መሰል ርእሰ ውሳነና ግሂሱ፤ ብደም መላምል ደቅና ዘምፃእናዮ ብሄራዊ ሓርነትና ረጊፁ፤ ናብቲ ተቓሊስና ዝደርበናዮ ደርጋዊ ስርዓት ከመልሰና ዝህቅን መንግስቲ ኢትዮጵያ፤ ብኻልእ ወገን ጨና ዴሞክራስን ልምዓትን ዘይፍለጥ ውልቀመላኺ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ዘቕሞ ሽፍታ ስርዓት ኤርትራ፤ ብኻልእ ኣንፈት ድማ፤ ናይ'ማቱ መሬት ክንብጥን ክስፋሕፋሕን ዝደሊ ትምክሕታዊ ሓይሊ ኣምሓራ ተላፈኖም ኩናት ኣዊጆምልና። እዞም ሓይልታት፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዘለዎም ፅልኣት ወፃኢ፤ ዘስምሮም ፖለቲካዊ ዕላማን ሓድነትን የብሎምን።

ጥቕሉል ዕላመኦም፤ ንህዝቢ ትግራይ ምንብርካኽ፣ ኢሉ ድማ ካብ ገፅ ምድሪ ሓኺኽካ ምጥፋእ እዩ። ከምዚ ዝበለ ኩናት ምፅናት ዓሌት ምስተኣወጀሉ እዩ እምበኣር፤ ህዝቢ ትግራይ ተደፊኡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይድ ተገዲዱ ዘሎ። ንምንታይ ኢኹም ትጋደሉ ዘለኹም ዝብል ሓታቲ እንተሎ፤ እንጋደለሉ ሽሕን ምኢትን ምኽንያታት ምዝርዛር ይከኣል፡ ። እንተኾነ፤ ብሓፂሩ ብኽምዚ ነቕምጦ።

ምእንቶ ህለወና

ዕላማ እቲ ተኣዊጁልና ዘሎ ኩናትን መዕለቢ ድልየት ፀላእትናን፤ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ምፅናት እዩ። እቶም ወረርቲ ሓይልታት ሩፍታ ዝረኽቡ፤ ፈለማ ርእስና ኣድነና ክንስኮን

እንተለና ክኸውን ከሎ፤ እፎይ ኢሎም ከድቅሱ ዝሓልምዎ ግን ኣብ መቓብርና እዩ። ነዚ ድማ እዩ፤ ዕድመን ዖታን ከይፈለዩ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕን መቕተልትን ዝፍፅሙ ዘለዉ። ነዚ ቕትለትን ግፍዕን ዝፍፅምዎ ዘለዉ ድማ ደይ መደይ ኢሎም፣ ሓሲቦምሉን ብመደብን እዩ። ነዚ ባህርይ ወረርትና ድማ ንሕና ጥራይ እንተይኮነስ ዓለም እውን ፈሊጥዎ፤ ኣብ ልዕሌና ኩናት ምፅናት ዓሌት ከምዝተኣወጀልና ኣሚኑ የውግዘ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ እዩ፤ እቲ እንካይዶ ዘለና ቃልሲ ምእንተ ህልውና እዩ ንብል ዘለና፡ ፡ ንዘይምጥፋእ፣ ከም ህዝቢ ንዘይምብራስ፣ ምእንተ ህላወና እንብሮ ዘለና ገድሊ እዩ።

ምእንተ ሓርነትን ርእሰ ውሳነን

ተጋሩ ብሳላ ቃልስና፤ መሰል ርእሰ ውሳነን ሓርነትን ዘምፃእና ህዝቢ ኢና። ትማሊ ኣሸሓት ቀያሕትን ፀለምትን፣ መላምል ኣሓትናን ኣሕዋትናን ዝኸፈልና፤ ንዳርጋ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ፎቕዶ ሩባን ገደልን ፎቕዶ ኣኽራናትን ጎላጉልን ዝተሰዋእና፤ ምእንተ ሓርነትናን መሰል ርእሰ ውሳነናን እዩ።

ኣብ ልዕሌና ገባሪ ሕዳጊ ክህሉ ዘይንፈቅድ፣ ትሕቲ ማንም ክንነብር ዘይንደሊ ህዝቢ ኢና። እንተኾነ፤ ፀላእትና ነቲ ትማሊ ዝደርበናዮ ኣርዑት ጭቆና መሊሶም ኣብ እንግድዓና ክድዕንኑ ፈቲኖም፡ ፡ መሰል ርእሰ ውሳነና ኣሕዲጎም ብምስለነታት ከመሓድሩና፣ መንግስትነትና ከሕድጉና ወሲኖም። ነቲ መባእታዊ ዝኾነ ዴሞክራስያዊ መሰል ተግባራዊ ምግባርና፤ መረፃ ምክያድና ከም ሓጥያት ተቑፂሩ ንክወርሩና ከም ምኽንያት ተጠቒሞምሉ። ንሕና ድማ፤ ምእንተ ሓርነትናን መሰል ርእሰ ውሳነናን ንጋደል ኣለና።

ምእንተ ክብሪ ዓዲ’ቦ

ትግራዋይ ንመሬቱን ነታ “ዓድቦና” ኢሉ ዝገልፃ ትግራይን ከምብሌንዓይኑእዩዝሕልዋ። ግዝኣቱን መሬቱን ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣለልዩ ዝሓደረ ህዝቢ ትግራይ፤ ሎሚ መሬቱ ብትምክሕተኛታት ተስፋሕፋሕቲ ተቖሪሱ፣ ገራሁኡን ሕዛእቱን ብወረርቲ ተወሪሱ፤ ዓውዱን ዝራእቱን ብፀላኢ ተዘሚቱ ደው ኢሉ ክርእይ ኣይኽእልን። ኣብ ምዕራብን ደቡብን ትግራይ፤ ህዝብና ካብ ዓድቦኡ ተሰጉጉ፣ ክብሩ ተገፊፉ ምስ ሃፍቱን ጥሪቱን ቤት ኣልቦ ኾይኑ፣ ሓሪሱ ዝቕልብ ሓረስታይና ጠምዩ። ነታ ምስ መሬቱ ዝመንጠልዎ ክብረቱ ከምልስ፤ ንሓዋሩ ድማ ክብሪ ዓዱ ከውሕስ እዩ እምበኣር ህዝብና ዝቃለስ ዘሎ።

ቃልስና ፍትሓዊ ስለዝኾነ

ህዝቢ ትግራይ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ፍትሓዊ እዩ። ተወሪርና እምበር ኣይወረርናን፣ ተበዲልና እምበር ኣይበደልናን። ትሕቴና ኩኑ ደኣ ኢሎምና እምበር ልዕሌኹም ክንከውን ዝበልናዮ ህዝቢ የለን። እቶም ወረርቲ ሓይልታት ንመሬትና ጎቢጦምዎ፣ ንህዝብና ድማ ኣበሳቢሶምዎ። ንሕና ድማ ኣንፃር እዚ ግፍዕታትን ወራርን ኣብ መሬትናን ዓድናን ኮይንና ኢና ንቃለስ ዘለና።

ከጥቀዐናን ከጥፈኣናን ንዝመፀ ፀላኢ ደኣ ኢና ንሕምሽሽ ዘለና እምበር ዘጥቃዕናዮ ህዝቢ የለን። መሰልና ስለዝገሃሱልና፣ መሰልና ከንሕሉ ደኣ ብረት ኣልሚልና እምበር መሰል ካልኦት ኣይገሃስናን። እኳደኣስ፤ ብሕሉፍ መስዋእትና መሰል ካልኦት ህዝብታት እውን ክሕሎ በይዛ ኾይንና። ፍትሓዊ ሕቶና፤ ዕድልና ባዕልና ክንውሰን፣

ህዝቢ ትግራይ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ፍትሓዊ እዩ። ተወሪርና እምበር ኣይወረርናን፣ ተበዲልና እምበር ኣይበደልናን። ትሕቴና ኩኑ ደኣ ኢሎምና እምበር ልዕሌኹም ክንከውን ዝበልናዮ ህዝቢ የለን።

ንርእስና ክነመሓድር፣ ልኡላውነት ህዝብናን ግዝኣትናን ክንሕሉ ዝብል እዩ። ምእንተ እዚ ፍትሓዊ ሕቶ ኽኣ ንጋደል።

ታሪኻዊ ሓላፍነት ስለዘለና

እታ ሕዚ ዘላ ትግራይ፤ ብደምን ኣዕፅምትን ተኸታተልቲ ወለዶታት ትግራይ እያ ተሃኒፃ። ምእንተኣ፤ ብዙሕ ዋጋታት ስለዝተኸፈለላ ክባር እያ። ነፍሲወከፍ ወለዶታት ትግራይ፤ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ተዋፂኦም እዮም ሓሊፎም። ብሓደ ወገኑ፤ እቲ ሕዚ ዘሎ ወለዶ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ምምላሱ፤ ከም ዘይዕድሎት ዝቐፀር እዩ። ርሂውዎ ክነብርን ፃማ ቃልሲ ኣያታቱ ከጠዓዕምን ምተገበኣ። እንተኾነ፤ ደቂሶም ዘይሓድሩ ፀላእትና ናብዚ ኣቲናዮ ዘለና ኹነታት ደፊኦምና፤ ኣብ ታሪኻዊ መድረኽ ኢና ዘለና።

እታ ቅንዕቲ መገዲ ድማ፡ ከም ኣያታትካ ታሪኻዊ ሓላፍነትካ ምውፃእ እያ። ታሪኽ ኣሉላ፣ ቅያ ሓየሎም፣ ዛንታ ብርሸዋ፣ መገዲ መለስ፣ ፅንዓት ገብረመስቀል፣ ገድሊ ሚዘርን ካልኦት ሚልዮናት ጀጋኑን ትግራይ ኣብ ዝድገሙሉ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኢና ዘለና። ስለዝኾነ ድማ፤ ምእንተ ታሪኻዊ ሓላፍነትና ንጋደል።

ብሩህ መፃኢና ንምውሓስ

ልዕሊ ኹሉ ድማ፤ ምእንተ ውሑስ መፃኢና ኢና ንቃለስ ዘለና። ታሪኽ ንርእሱ እናደገመ፤ እናተመለሰ ንዝመፅእ ናይ ኩናትን በደልን ዕንክሊል ንሓንሳብን ንሓዋሩን ኣቃቢፅና፤ መፃኢቲ ወለዶታት ትግራይ ኣብ ርህው ኩነታት ዝነብርሉ ባይታ ንምንፃፍ ኢና ንጋደል!

ታሪኽ ንዓርሱ እንትደግም

ኣብርሀ ገብረኪዳን

ታሪኽ መመሊሱ ባዕሉ ይደግም እትበሃል ደጋጊመ ዝሰምዓ ኣበሃህላ ኣላ። ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእን ንምምብርካኽን ብታሪኻዊ ፀላእቲ ዝተገበሩ ወፍርታት ግን ይድገሙ ዘይኮነስ እናሻዕ ይደጋገሙ እንተበልና ዝሓይሸ ይመስለኒ። ንሎሚ ኣብ ቀዳማይ ወያነን ኣብቲ ሒዝናዮ ዘለና ምዕራፍ ቃልሲን ዘሎ ምምስሳልን ታሪኽ ኣያታቶም ከደግሙ ዝኽድዎ ኽያዶን ዝተወሰነ ነጥቢታት ኣልዒልና ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

መሰረታዊ መንቀሊ ምኽንያት

ህዝቢ ትግራይ ሓሪሱ፣ ኣለሳሊሱ፣ ፅህዩ፣ ኾስኺሱ፣ ዓፂዱን ኣኺዱን ይረኽባ ዝነበረት እቶት ፤ ዓቀይቶትን መሳፍንትን ድኽነትን ድንቁርናን መናብርቱ ክኸውን ፈሪዶምሉ ምህርቱ ይምንጥልዎ ስለዝነበሩ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ሓርነት ንክረክብ ቃልሲ ይጅምር። **“ገዲም ሕረሰለይ ሰፊሕ ግራት ሸመት የለን ቀኛዝማች ግራዝማች”** እናተብሃለ ህዝባዊ ዓመፅ ዘለዎም መልእኽቲታት ብደርፊ እናተመሓላለፉ ድጉል ባህጊ ሓርነትን መሰል ዓርሰ-ውሳነን ክጓሃሃር ጀመረ።

ካልኦት ከባቢታት እታ ሃገር ሰጥ-ለጥ ኢለን ኣብ ዝግዝኣሉ እዋን ህዝቢ ትግራይ “ወዲ-ሰብ ብፈጣሪ ከም ስኒ ኣድጊ ቕንጪ ኾይኑ ዝተፈጠረ ክቡር ፍጥረት ስለዝኾነ ልውልን ትሑትን ዘይብሉ ህዝቢ ኣሚኑሉ ብመረፃ ገረብ ጥራሕ ክሸወምን ከመሓድርን ኣለዎ ኢሉ” ካብ ኣልውሃ ምላሽ ክሳብ መረብ ዘሎ ተወላዲ ትግራይ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ባይቶ ገረብ መሪፁ ኣጣየሸ። እዚ ኣብ “ቓንጪነትን ዕርያን” መሰረቱ ኣንፂፉ ህዝቢ ትግራይ ብዘይ ጣልቃ ኣታዊነት ዝኾነ ይኹን ኣካል ብገረቡ ይመሓደር ዝብል ኣምር ፍልስፍና መሰል ዓርሰ-ውሳነን ዲሞክራሲን ሓቒፉ ዝተልዓለ ቃልሲ ተጋሩ፥ መርኣያ ብርሃን ኮይኑ ናብ ካልኦት ከባቢታት እታ ሃገር እንተልሒኹ ዘውዲ ንግስነተይ ከስእነኒ እዩ ኢሎም ዝሰግኡ ንጉስ ሃይለስላሴ ሕማሞም ሕማም ሸዋ(ሕማም ምኒሊክ) ኣድጊሱዎም ህዝቢ ትግራይ ንምውራር ይውስኑ።

ኣደይ ንጉስ ክትኽውን ኢኻ ኢላ ስለዝሓለመትለይ ብዘይ መረፃ ክገዝኣኩም እየ ዝበለ ግልገል ውልቀ-መላኺ ኣብዩ ኣሕመድ ሳላ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መሰል ዓርሰ ውሳንኡም ኣረጋጊፆም ዝነበሩ ኣህዛብ እዛ ሃገር ኣይፋል ክብልዎ ኣይከኣሉን። ኣሻሕቲ መላምል ደቁ ኽፊሉ ዝረኽቦ ዓወት ብሕልሚ ሓንቲ ሰበይቲ ክጋሃስን ክጋሰስን ታሪኹን ሕሉፍ በረኽ ስልጣንያኣዊ ክያድኡን ስለዘይፈቕደሉ መሰል ዓርሰ-ውሳንኡ ተጠቒሙ መረፃ ብምክያድ ሕጋዊ መንግስቲ ተኽለ።

ነታ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ጨና መረፃ ጨንዩዋ ዘይትፈልጥ ሃገረ ኤርትራ ይመርሕ ዘሎ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ናሃቱ ኣሰር ክስዕብ ታተ-ሰንበት ዝብል ዘሎ ኣብዩ ኣሕመድን “እቲ ብህዝቢ ትግራይ ዝተኻየደ መረፃ ኣብቲ ዞባ ንዘለው ኣህዛብ ኣብነት ኮይኑ ብምልዕዓል ወንበርና ክስእነና እዩ” ብምባል ከም እኽሊ ለማኒ ካብዚን ካብቲን ዝተኣኻኸቡ ጥርቅምቃም ሰራዊቶም ኣዋፊሮም ትግራይ ክወርሩ ይውስኑ።

ምስይጣን መልክዕ ህዝቢ ትግራይ (Dehumanization)

ምሕደራ ስርዓት ገረብ ካብቲ ንሶም ዘለዎም ቅቡልነት ዝሐሸ ተቐባልነት እናረኸበ ምምፅኡ ዝፈለጡ ሃይለስላሴ ንጉሳዊ ስርዓቶም ምሒው ክድርብዮ ተኽእሎታት ከምዘለዎ ኣይሰሓቱዎን። ህዝቢ ካሊእ ክፋል ሃገር ብስሚዒት ኣለዓዒሎም ኣብ ጎድኖም ንክስለፍ ህዝቢ ትግራይ ኣሰይጢንኻ ወራሪ፣ ዘራፊን ጨፍጫፊን ከምዝኾነ ኣምሲልኻ ምቕራብ ኣድሳዬ ኮይኑ ስለዝተረኽበ 4 ሰነ 1933 ዓ/ም ዝስዕብ መልእኽቲ ዘለዎ ኣዋጅ ይእውጁ።

“ . . . ኣገር ለመዝረፍ የምታፈሱት ደም ወንድማማች በሆነ ህዝብ መካከል መተላለቅንና በከንቱ ደም መፋሰስን የሚያመጣ በመሆኑ ከብርቱ ጉዳት የሚጥላቸሁ ነው . . . ወደዚህ ጉዳት እንዳትወድቁ በኢትዮጵያ ገሾነታችን የምናደርገውን ከመፈፀማችን በፊት እንደ አባት አስቀድመን እንመክራለን . . . ከትእዛዛችን የወጣ ቢገኝ ግን የበረታ ቅጣት ይቀበላል።” ዝብል ስዒቡ ክመፅእ ኣቐዲሙ ዝተተለመ ግፍዒን በደልን ብንፁር ቓላት ኣቐሚጦም መፈራርሒ ኣዋጅ ኣወጁ።

ብቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ፀሓያ ዝዓረባ ኣሃዳዊት ኢትዮጵያ መሊሱ ብምትካል ገባሪ ሓዳጊ ክኾነላ ዝሓለመ ኣብዩ ኣሕመድ ህዝቢ ትግራይ ሕልሙ ሕልሚ ጥራሕ ገይሩ ከምዘምኽኖ ንምፍላጥ ዝተረከቦ ሓዱሽ ወንበር ክሳብ ዝደላደል ምፅናሕ ኣየድለዮን። ሽዑ ንሽዑ ድማ ከምቲ ኣቦታትና “ከይፀመደ ኣንሳደ” ዝብልዎ ህዝቢ ትግራይ ንምስይጣን በቢዓይነቱ ሸማሸማት እናፈሓሰ ሚድያታት ትምክሕቲ ኣኽቲሉ ወፍሪ ቅድመ ምፅናት-ዓሌት ተተሓሓዘ። “ትግርኛ ተናጋሪዎች፣ የቀን ጅቦች፣ ዘራፊዎች ፣ ኣኮላሾች . . . “ ዝብሉ መሰይጠኒ ቃላት መውፅኢ ኣፉ ገበረ፤ ሃሳዌ ዶክሜንተሪታት ድማ ኣስርሐ። ተጋሩ ዘቆናፅቡ ዘረባታት ኣብዩ ኣሕመድ ዝሰምዐ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ከም ዒሉ ክጫድሩን ከፍረንጭዑን ተርኣዩ። ሕሉፍ ሓሊፉዎ ድማ ኣብ ቴሌቪዥናት ትምክሕቲ ቀሪቡ ነቲ ከም ቀዳሒ ማይ እናሻዕ ኣስመራ እናተመላለሰ ምስ ኢሳያስ ተመኻኺሮም ዝወድኡዎ ድግስ ምፅናት ዓሌት ሕንኽ ከይበለ ኣብ ዘስምዖ መደረ ከምዚ በለ፦ “ . . . እናቶች ያለቅሳሉ፣ ወጣቶች ይረግፋሉ፣ ህፃናት ያለ ወላጅ ይቀራሉ፣ ቤቶች ይፈራርሳሉ . . .”

ኣተሓሕዛ ምሩኽ ብወገን ወየንቲ ትግራይ

ደም ምፍሳስን ህልቂትን ንኽይመፅእ ወየንቲ ትግራይ ትዕግስቲ ገይሮም እቲ ምስሕሓብ ዝፍተሐሉ እማመታት ሰላም ኣቐሚጦም ልዝብ ንኽግበር ይፅውዑ። ብታህዲድን ትዕቢትን ልቡ ፈኽፈኽ ዝበሎ ብደጃት ኣባይ ዝምራሕ ነጭ ለባሽ፣ ፖሊስን ሰራዊትን ዝሓኞፈ ሓመደ ግዳም ፈረሰኛ ዓቀይታይ ሰራዊት ግን ዓዲ ክወርርን ክብሪ ህዝቢ ክጋስስን ጋዕ ገልጠሙ ኣኽቲሉ ብኽልተ ግንባር ማለት እውን ብኣንፈት ሒዋነ ገረብ ምንዳፍን ብዓዲ-ኣወና ገረብ ጉሩንጉርን ኣቢሉ ንወራር ኽተተ።

ወያነ ትግራይ ዓዱን ታቦቱን፣ ቆልዕኡን ሰበይቱን፣ ክብሩን መንነቱን ከይግሰስን ከይራኽስን ንዘይተርፍ ቃልሲ ባዕሉ ኣዳለወ። ምድላዋት ፀላኢ ብእርይ-ቐፅር ቀዲሙ ዘፅነዐ ሰራዊት ወያነ ፀላኢ ኣብ ዝመረፆ እዋንን ከባቢን ከይኮነስ ወየንቲ ኣብ ዝመረፅዎ ቦታን ሰዓትን 15 ጉንበት 1935 ዓ/ም ከባቢ ፲፩ ሰዓት ናይ ለይቲ ፀላኢ ከይሓሰበሉ እናሃለወ ጀሚሮም ኽቢድ ደማዊ ኩናት ብምክያድ እቲ ኩናት ብዓወት ወየንቲ ትግራይ እንትዛዘም ፅጫ ሰራዊት ደጃት

ኣባይ ሞት፣ ምርኮን መቕሰልትን ይኾን። ወየንቲ ትግራይ ንደጃች ኣባይ ሓዊሱ ኩሉ ዝወፈረ ኣዛዚ ኩናትን ወታደርን ምሩኽን ምውትን ብምግባር ወራር ክልቲኡ ግንባር ብዓወት የጠቓልሉ።

እቲ ኩናት ምስተዛዘመ ኣተሓሕዛ ምሩኻትን ቁሱላትን ውሳነ ክወሃቦ ህዝባዊ ኣኼባ ተፀዊዑ ኣብ ባሕሪ-ሓፀይ ይቕመጡሞ ዝስዕብ ውሳነ የሕልፉ :- “ብዘይካ እቲ ኩናት ክለዓል የጓሃሁሩ ዝነበሩ ሰለስቲ ሃንደስቲ እቲ ወራር ዓበይቲ መራሕቲ ሓዊሱ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ሙርኮኛ ብናፃ ክስደድ፤ ውጉኣት ኩናት ኣብ ህይወቶም ሓደጋ ከይበፅሖም ስጡም ሓለዋ እናተገበረሎምን ግቡእ ክንክን ሕክምና እናተውሃቦምን ኣዐርዮም ክሳብ ዝድሕኑ ንቐስለኛ ክቐርብ ዝግብኦ ፀፅብቐ ምግቢ ህዝቢ ከቐርበሎም” ይውሰን።

ነገራት ኣንፈት ኣንፈቶም ሒዞም በቲ ውሳነ መሰረት እናተሰርሐ እንተሎ ልኡል ራእሲ መንገሻ ምስ ሓኻኽሮም ኣብ ኢድ ኣቦ ገረባት ወያነ ትግራይ ብምውዳቕ ደጃች ኣባይን ምስኦም ዝተኣሰሩ መጓሃሀርቲ እቲ ኩናትን ከወሃቦም ይልምኑ። ዋላኳ እቶም ሰባት ደም ንኽፋሰስ መሳወርቲ ኮይኖም ዝገበርዎ በደል ይቕረ ዘይበሃሎ እንተኾነ ኣንፈት ሰላም ዝበርቐሉ ዕድል እንተሃለወን ንኣቦታት ራእሲ መንገሻ በዓል ሃፀይ ዮሃንስ ዘለዎም ኽብሪ ክገልፁን ስለዝደለዩ እቶም ምሩኻት የረክቡዎም።

ልኡል ራእሲ መንገሻ ኣተሓሕዛ ምሩኻት ምስረኣዩ ዘይተፀበዎ ሓደ መደነቕ ነገር ረኸቡ። ካብ መቐለ እንትብገሱ ብፍርሕን ስግኣትን ነቶም ምሩኻት ወዲኡሙዎም ከኾኑ እዮም ኢሎም ዋላኳ እንተገመቱ ጮማ እናተሓረደሎም፣ ውግኣት ኩናት ባህላዊ ሕክምና እናተገበረሎም ምስረኣዩ ወየንቲ ትግራይ ብኹናት ጥራሕ ከይኮነስ ብፖለቲካዊ ብስለት እውን ሓያላት ምኽኖም ተዓዘቡ። ብተመሳሳሊ ሎሚ ድማ..

ውፅኢት ኩናት ብመስኮት ቴለቪዥን ከይኮነስ ብግብሪ ዝፈልጥ ህዝቢን መንግስቲን ትግራይ ሰላም ክርከበለን ይኽእላ እየን ተባሂለን ዝግመታ ኩለን በሪታት ከይረብረበ ኣንኳሕኩሐ። መማሻጥርቲ ወዲ ኣፎም ግልገል ውልቀ መላኺ ኣብዩ ኣሕመድ ኩለን በሪታት ሰላም ሃርሂሩ ብምዕፃው ሓደሽቲን ታሪኻዊን ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ኣሰሊፉ ኩለመዳያዊ ወራር ከፈተ።

ሽንጥሮታትን ጎቦታትን ዓዱ ደጀን ገይሩ መኸተ ወራር ዘካየደ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ብኹሎም ግንባራት ንፀሓፍቲ ታሪኽ ዝኽብድ መስተንክራዊ ዕማማት ዓመመ። ሓይልታት ትምክሕቲ ኣኽቲሉ ዝመፀ ሰራዊት ሻዕብያን ብልፅግናን የሻል ኢሉ እግረይ ኣውፅእኒ ክሳብ ዝብል ኣብ መሬት ትግራይ ተረፍረፈ።

እዙ ሸሻይ ርእዮም ካብ መላእ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝተፀዋውዑ ቁራን ኦሞራን ብፅጋብ ክሳብ ዝዕልቕጡን መሬት ትግራይ መርገፂ እግሪ ክሳብ ዝሰኣነላን ብሬሳታት ወረርቲ ኣዕለቕለቐት። ካብ መላእ ግምባራት ኢዶም እናሃቡ ምርኮ ይኣትው ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ሻዕብያን ብልፅግናን ከተማታት ትግራይ ኣፃበቡ።

“ሙሩኽን ሙውቱን ኣይንካእን” ብዝብል ብሂል ኣያታቱ እቶም ከም ህዝቢ ከፅንቱዎ ሓሲቦም ዝወፈሩን ኣብ ኢዱ ዝወደቑን መራሕቲን ወተሃደራትን እከይ ፤ ቁስለኛታቶም ግቡእ ሕክምናኣዊ ክንክን ክረኽቡ ብምግባር ነቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ዓበይቲ በዓል ኮኽብ ሆቴላት ኣዕሪፉ ክቕልቦም ወሰነ። ሆቴላት ትግራይ ተፃቢበን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ንዝዓረፉ ድማ “ከም እንዳ ሄንሪ” ዝኣመሰላ ደረጀአን ዝሓለዋ እንዳ ብልዒ “ኣሮሱቶን ቁርጢን” ካሊእ ርእዮሞ ዘይፈልጡ ሕብስተ መናን ህዝቢ

ግፍዕን ኣደራዕን እምብሕና ኢሉ ዝወየነ ትግራዋይ ኣብ ኩናት ወጂራት፣ ኩሓ እንዳየሱስን መቐለን ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት እናከታተለ ብምድሪ መሚኡም ንዝገጠሙዎ ክልተ መንግስታት (መንግስቲ ኢትዮጵያን ኢንግሊዝን) ሰዓረ።

ትግራይ ኣዋፂኡ ብዝኽፍሎ ወፃኢ ከቕርባሎም ተጉበረ። ከወሩ ምምፅኦም ፈሊጡ ማይ ትግራይ “ኣለርጂክ” ኮይኑ ከየሕሞም ብምስጋእ መውሐጢ “ጥብሲን ኣገልግልን” ዕሹግ ማይ ቀረበሎም። ዝተወሰነ እዋን ኣብ እንዳ መስባሕቲ ድሕሪ ምፅናሕ ምሕረት ተገይርሎም ድማ ብናፃ ተለቐቑ። ልክዕ ከምቲ ምስ ደጃች ኣባይ ተማሪኾም ብናፃ ድሕሪ ምስዳድ ኣብ ኩናት መቐለን እምባላጀን ዝተሳተፉ ዓቀይቶት እቶም ብናፃ ዝተሰደዱ ምሩኻት ሻዕብያን ብልፅግናን እውን ኣብ ብዙሓት ግንባራት ተመሊሶም ክስለፉን ተደጋጋሚ ክምረኹን ተርኣዩ።

ብልመና ዝተረኽቡ ረቀቕቲ ዘመነዎት ኣፅዋር ክልቲኡ እዋን

ቃልሲ ወያነ ትግራይ ብራኽኡ ሓፍ እናበለ ምስከደ ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ከይኮነስ ኢንግሊዝ እውን ብዕሊ ተሓወሰቶ። ታንክታት፣ መዳፍዕን ከበድቲ ዘመነዎት ኣፅዋርን ዝተዓጠቐ ሰራዊት ኢንግሊዝ ምስ ሰራዊት ሃይለስላሴ ተሓናፊፁ ኽተተ።

ግፍዕን ኣደራዕን እምብለና ኢሉ ዝወየነ ትግራዋይ ኣብ ኩናት ወጂራት፣ ኩሓ እንዳየሱስን መቐለን ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት እናከታተለ ብምድሪ መሚኡም ንዝገጠሙዎ ክልተ መንግስታት (መንግስቲ ኢትዮጵያን ኢንግሊዝን) ሰዓረ። ንወየንቲ ትግራይ ሰብኣይ ንሰብኣይ ክገጥሙዎም ዝረዓዱ ሰራዊት ኢንግሊዝ፣ ራእሲ ኣበበ ኣረጋይን ጀነራል ኣበበ ዳምጠውን ኣብ ቅድሚኡም ጠጠው ክብሉ ኣይከኣሉን።

ዓቕሊ ፅበት ዝጨነቐም ንጉስ ሃይለስላሴ ካብቲ ዝኣተዩዎ ዓዘቕቲ ንክወፁ ንመንግስቲ ኢንግሊዝ ለሚኖም በቲ እዋን ኣብ ዓለም ናይ ቐረባ እዋን ርካቦን ኣብ ኢድ ዉሑዳት ሓያላት ሃገራት ጥራሕ

ዝነበረን ነፈርቲ ውግእ ክውሃብኦም ይልምኑ። እታ ድሕርቲን ዘኽታምን ሃገረ ኢትዮጵያ ንናይ ደገ ፀላኢኻ ተጠቒማትሉ ዘይትፈልጥ ቴክኖሎጂ ብልማኖ ረኺባ ካብ የመን ቀጥታ ብዝበራ ነፈርቲ ኢንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ወያነ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብኣልማሚት ሓዊ ኣዝነበት።

ብታህዲድን ትዕቢትን ሰራዊት ሻዕብያን ተማሕፀነ። ይትረፍዶ ኣብታ ህዝባ ካብ ድኽነትን ጥሜትን ክተናግፍ ዘይኽኣለትን ከርሲ ዜጋታታ ብትካቦን ሬዲኤትን እትዕንግል ሃገር እተን ዝማዕበላ ዓድታት እውን ክውንንኡን ክጥቀማሉን ዘይኽኣላ ብኣዝዩ ዝረቐቐን ዝተሓላለኸን ቴክኖሎጂ ዝማዕበለ ኣፅዋር ኩናት ለሚና ረኸበት። ካብ ዓሰብ እናተበገሳ ሓዊ ብዝተፍኣ ድሮናት ድማ ኣብ ልዕሊ ዜጋታታ

“ኣብዩን ኢሳያስን ምስ ተጋደልቲ ትግራይ ምግጣም ከምዘየዋፅኦም ስለዝፈለጡ ኣፈሙዝ ታንክታቶምን መዳፍያምን ናብ ህዝቢ ኣዚሮም ገፀርን ከተማን ትግራይ ሕርስርስ ኣበሉዋ። ነፈርቲ ውግእ ክልቲኡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ዘይተዓጠቐ ሰላማውያን ቁምቡላታተን ኣፍሰሳ”

ሓይልታት ትምክሕትን ኣኽቲሉ ወራር ዝፈፀመ ኣብዩ ኣሕመድ ምክልኻል ሓይልታት ትግራይ ሸዑ ንሸዑ ሕርሕራይ ገይሩ ስለዝቐጥቐጦ ርድኡኒ ንምባል ፃት ኣይወሰደሉን። ብዘመነዎት ታንክታት፣ መዳፍዕን በቢዓይነቶም ኣፅዋርን ሓቐፉ ዝወፈረ ሰራዊት ወረርቲ ዝተዓጠቐ ጋዕ ገልጠም ፀውራ ካብ ምኺን ሓሊፉ ካብ ሕፍረትን ስዕረትን ከናግፎ ኣይከኣለን። ሓይሊ ኣየር ክልቲኡም መንግስታት እውን ኩሉ ዝከኣለን ክገብራ እንተፈተና ብጀጋኑ ጨመትቲ ደቂ ትግራይ እናተዓለማ ካብ ምርጋፍ ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ ኣይነበረንን። ካብ ሶማልያን ካልኦት ዓድታትን ገፅ ርእዩ ዘምፅኦ ሰራዊት እውን እንተኾነ መዝሐሊ ጥይት ኮይኑ እዩ ተሪፉ።

ፀሓዪ እናዓረበት ትኸይድ ዘላ ኣብዩ ኣሕመድ ኣብ እግሪ ኢማራት ዓረብ ወዲቑ ድሮን ክወሃቦ ተወለድቲ ትግራይ ቡምባታት ኣዝነበትሎም።

ግፍዓዊ ምብስባስ ህዝቢን ወፍሪታት ምፅናት ዓሌትን

ነፈርቲ ውግእ ኢንግሊዝ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ከተማታትን ትግራይ ሰብ ዝበዝሐሎም ቦታታት እናመረፃ ኣብ ሕርሻን ዕዳጋን ዋላ እክብ ዝበላ እንስሳት ከይተረፋ ካብ ዓዘቦ ክሻብ ውቕሮ ኣብ ኩሉ ዓዲ ቡምባ ከም ማይ ኣዝነብኡ። ህፃውንቲ ኣረጋውያንን ኣንሽቲን ከይፈለያ ንኩሉ ወድኡኡ። ስኒ-ኣይብለይ ዓይኒ-ኣይብለይ ኢለን ነፈርቲ ብዘካየድኡ ደብዳብ ኣዐርዩ ዘስካሕክሕን ሰብ ካብ ሰብ ክትፈልየሉ ዘይክኣል ፣ ሬሳ ሰብ ተኸታቲፉ ምስ ሙዉታት እንስሳታትን መፅዓኛታትን ዝተሓዋወሰሉ መሰከፊ ተግባር ተፈፀመ። ደም ንፁሃት ተጋሩ ኣብ ዕዳጋታትን መይዳታትን ትግራይ ዉሑጅ ኮይኑ ፈሰሰ።

ነቲ ብታንኪን መዳፍዕን ነፈርቲን ዘዕነውዎ ዓዲ ሰራዊቶም እናውፈሩ እውን ሓዊ ኣንደዱዎ። ኣብያተ ክርስትያናትን ገዳማትን ብመዳፍዕ ወቒያም ፅላታትን ንዋየ ቅዱሳትን ብሓዊ ኣንደዱ። ፎቕዶ ዓዲታት እናኸዱ ደቂ ቴስዓ ፈለስቲ ከይተረፈ ብጥይቲን ብሓዊን ከምኡ እውን ብደዎም ኣሲሮም ናብ ፀድፊ ደርበዩዎም።

“. . . ታማኞቻችን ጦራችሁን አስከትታችሁ እንድትቀጧቸው ይሁን። ጥፋተኛውም እጁን ለኛ ከብቱን ለናንተ መርቀንላችኋል።” ኢሎም ብዝኣወጁዎ ኣዋጅ መሰረት ሃፍትን ንብረትን ትግራይ ንደቡብ ገፁ ተግዓዘ። ህዝቢ ትግራይ ኣጥምዮም ከምበርክኽዎ እኽልታቱ ኣፋሰሱ፤ ኣብ ቆፎ ዝዓቕሮ ቀለብ ኣቃፀልሉ። ኣዴታት፣ ፈለስቲ፣ ህፃውንቲ፣ ቆረብቲን ኣንሽቲ ካህናትን ከይፈለዩ ተጋሰሱወን።

ኣብዩን ኢሳያስን ምስ ተጋደልቲ ትግራይ ምግጣም ከምዘየዋፅኦም ስለዝፈለጡ ኣፈሙዝ ታንክታቶምን መዳፍያምን ናብ ህዝቢ ኣዚሮም ገፀርን ከተማን ትግራይ ሕርስርስ ኣበሉዋ። ነፈርቲ ውግእ ክልቲኡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ዘይተዓጠቐ ሰላማውያን ቁምቡላታተን ኣፍሰሳ።

መሳጊድ፣ ደብሪታትን ገዳማትን ብፍሉይ እናተመረፁ ሚላማ መውቃዕቲ ኮኑ። ድሮናት ኢሚራት ዓረብ ካብ ዓሰብ እናተበገሳ ንዝረኣይኡ ሰብ፣ ገዛን እንስሳን ኩሉ ኣንደዳ። በራሚል ቦምባታተን ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ሰበይቲ ኣውረድኡ።

ኣብቲ ብነፈርቲ፣ ድሮናትን መዳፍዕን ዘዕነውዎ ከተማ ካብ ሞት ዘምለጠ ሰብ ከይህሊ ሕድሕድ ገዛ እናዞሩ ቆልዓ ቁልዒቲኡስ ሽማግልኡስ ብኣልማሚት ወድኡዎ። ብሕቡእ ውሽጢ ንውሽጢ ብዝተኣወጀ ትግራይ ንድሕሪት ምምላስ ዝብል ሰይጣናዊ ፖሊሲ፥ ትግራይ ዘፍረየቶ ሃፍቲ ተዘረፈ። ከወስዱዎን ክፅዕንዎን ዝኽእሉ ኩሉ ወሲዶም እቲ ዝተረፈ ድማ ኣገልግሎት ከምዘይህብ ገይሮም ኣዕነውዎ። ተደፊሮም ዘይፈልጡ መካነ ቅዱሳት ኣትዮም ኣራኸስዎ። ህዝቢ ምጥማይን ፆታዊ ዓመፅን መሳርሒ ኩናት ኮይኖም ኣብ ግብሪ ወዓሉ።

ምጉባጥ መሬትን ምጥራር ሓዱሽ ዶብን

ኣብ ማእገር ሓራምዝ ተሓዚሉ ዝመፀ ተስፋሕሓፋይ ሓይሊ ትምክሕቲ እቲ ኹነታት ተበሊፁ ሰፋሕቲ ግዝኣታት ትግራይ ናብ ግዝኣቱ ኣጠቓለለ። ብሸነኽ ደቡብ መዋሰኒ ዝነበረ ሩባ ኣልውሃ ሰጊሩ ክሳብ በሪ ተኽላይ ተቐፃፀረ። ብኣንፈት ምዕራብ ግዝኣት ትግራይ ዝነበረ ሰፊሕ ከባቢ ድማ ናብ “ጎንደር ጠቅላይ ግዛት” ሓወሶ።

ሎሚ እውን..

ብመስዋእቲ መላምል ደቂ ትግራይ ዝተረጋገፀ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ንሓይልታት ትምክሕቲ ክወሓጠሎም ኣይከኣለን። ንኣስታት ሰላሳ ዓመት ብዕራይ ወለደ ፕሮፖጋንዳ ሚድያ እናነፍሑ ድሕሪ ምፅናሕ ጊዝያዊ ወተሃደራዊ ፀብለልታ ረኺብና ኢሎም ኣብዝሓሰብሉ ሰዓት ሐዚ ረኽብናያ ሐዚ ሰኣንናያ ብዝብል መንፈስ መሬት ትግራይ ክቐራርፁን እቲ ዝሓልምዎ ዶብ ክጥርሩን ፈተኑ። እነሆ ድማ ህዝቢ ትግራይ ጠጠው ኢሉ እናሃለወ ክሳኻዕ ዘይኽእል ሕልሞም ብዙሕ ዋጋ የኽፍሎም ኣሎ።

ዋላኳ ጉዕዞ ቃልሲ ቀዳማይ ወያነን እቲ ሒዝናዮ ዘለና ምዕራፍን ብዙሕ ዘመሳስሎ ነገር እንተሃለወ ተፍፃሜትን መኽምበቲን እቲ ሐዝናዮ ዘለና ምዕራፍ ካብቲ ዝሓለፈ ቃልሲ ኣዐርዩ ዝፍለ፣ ብዙሓት ፀጋታት ሒዙ ዝመፅእን በሪኽባህጊ ህዝቢ ትግራይ ከምዘዐውቶን ግና ዘጠራጥር የብሉን።

ዓለምለኻዊ ቃልሲ ዲያስፖራ ትግራይ!

ካሳ ሃይለማርያም ረዳ

ዓለምለኻዊ ቃልሲ ዲያስፖራ ትግራይ! ...ኣነ ትግራዋይ ትግራወይቲ እየ! ንሕና ተጋሩ ኢና! እታ ዝተዓመፀት ትግራዋይቲ ኣደና ሓፍትና ጓልና እያ! ናይቱ ብመንነቱ ዝተጨፍጨፈ ህዝብና ውልድ ሓውን ሓፍትን ኢና! ፀላእትና ብመንነትና ከሰኩኑናን ንድሕሪት ንዓሰርተታት ዓመታት ከመልሱናን ዘብረሱዎ ዝሰረቑዎ ሃፍቲ ትግራይ ንብረትና እዩ! ድምፅን ዓቕምን ህዝብና ብምኻን፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ዓድናን ዝካየድ ዘሎ ምፅናት ዘርእን ብርሰት ዓድን፤ ንማሕበረሰብ ዓለም ክነፍልጥን ዓለምለኻዊ ዲፕሎማሲያዊ ፍታሕ ንኽረክብን ንቃለስ!... ኣብ ዝብል ኣምር ሸኺሉ፤ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ሓድነቱ ዝዓሰለ ዲያስፖራ ትግራይ፤ ብኣውርኡ ድምፅን ዓቕምን ህዝቢ ትግራይ ብምኻን፤ ንዓለም ዘስደመመ ውዑይን ዕውትን ቃልሲ የካይድ ኣሎ።።

ከም ህዝቢ ሙሉኣት ስለዝኾና፤ ክንዲ ዝኾነ ዝኸበደ ፈተና እንተጓነፈና እውን ፅቡቕን ሓያልን ኢና ዘለና! ምኽንያቱ ድማ፤ ኣብ ዱልዱል ሰረት ዝተነደቕና፤ ሓደ ህዝቢ ስለዝኾና እዩ! ቀዳሞት ወለድና ቅቡኣትን ለባማትን እዮም ነይሮም።። ብኹሉ ሙሉእ፤ ካብ ውልድ ወለዶ፤ ሙሉኣት ገይሮም እዮም ሓዲጎምና! ብፀጋታት መንነትን ክብርታትናን፣ ባህልን ቋንቋን፤ ቅርስታትን ሃይማኖታትን፤ ብታሪኽ ጅግንነት ኣይግዛእን በሃላይነት፤ ሕርኽርኽ ዝብል ዘይብሉ፤ ሓደን ሓደን ገይሮም እዮም ገዲፎምና፡ ስነልቦናዊ ኣተሓሳስባና ሓደን ፅኑዕን እዩ! ንወዲ ሰብ፤ ሰብ ብምኽኑ ጥራሕ ዘለና ክብርን፤ ባህሊ ተኸባቢርካ ምንባርን፤ ሰረት ኩሎም ሃይማኖታት ምኽና ጥራሕ እንተይኾነስ፤ ኩሎም ሃይማኖታት ተኸባቢሮም ተሓጃኺፎም ሓቢሮም ንዘበናት ናይ ምንባሮም ምሸጥር፤ ትግራይ ዓደይ እያ! ናይዙ ኩሉ ምሸጥር ትግራዋይነት ድማ፤ ንዙ ኩሉ ሙሉእ ዝኾነ ፀጋታት ሓብሒብና፤ ኣብ ሓድነትና ዓሲልና፤ ኣብ ምኽፋልና ይድረኽ! ኩሎም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ህዝብታት ዘይብሎም ዘይፈጠረሎም፤ ንሕና ግና ዝወነናዮ፤ ምሸጥር ትግራዋይ መንነትናን ሓያልነትናን፤ እዙይን እዙይን እዩ።።

ፀላእትና ተፀዋዊያምን ንዓመታት ተዳልዮምሉን፤ ኩሉ ዓቕሞም ኣዋዲዶም፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ዓድናን ፋሽስታዊ ወራር ካብ ዝጅምሩ ዳርጋ ፍርቂ ዓመት ኣቑፂርና ኣለና።። ክትሓስቦ እውን ዘስካሕክሕ፤ ወዲሰብ ክገብሮ እዩ ኢልካ ዘይግመት፤ ኩሉ ዓይነት ግፍዕን ብርሰትን ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ዓድና ኣውሪዶም፤ ሐዚ እውን ኣሳፈሖም ቀፂሎምሉ ኣለዉ።።

እዚ ተግባር ፋሽስታውያን ወረርቲ ዘኾረዮ ዲያስፖራ ትግራይ፤ ድምፂ ዝጭፍጨፍ ዘሎ ህዝቡ ብምኽን፤ ካብ ደቡባዊ ጫፍ ኒውዝላንድን ኣውስትራልያን ክሳብ ሰሜናዊ ጫፍ ካናዳ፤ ካብ ኣሜሪካ ክሳብ መላእ ኣውሮፓ፤ ካብ ኣፍሪካ ክሳብ ማእኸላይ ምብራቕ፤ ኮታስ በዝሕና ብዘየግድስ ኣብ ሙሉእ ዓለም፤ ከም ሓደ ሰብ ሰሚሩ፤ ድምፁ ዓውኣቢሉኣስሚዑእዩ፤ ሐዚእውንየስምዕኣሎ።።

ዲያስፖራ ትግራይ ካብ ኒውዮርክን ዋሽንግተን ዲሲን፤ ክሳብ ጄነቭን ብራሰልስን፤ ማዕዶ ኩሎም ዓለምለኸን ኣህጉራውን ትካላት፤ መንግስታትን ሚዲያታትን፤ ኳሕኩሑ እዩ! ብዙይ ቀፃልነት ዘለዎ ዝተኣሳሰረ ወፍሪ እዙይ ድማ፤ ማሕበረሰብ ዓለም ብሓደ ቃል “ትግራይ ትግራይ” ንኽብልን፤ ብዛዕባ ኣብ ልዕሌና ዝበፅሕ ዘሎ ምፅናት ዘርእን ብርሰትን ክዝትይ ኣኽኢልና ኢና።። ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ካብ ዝኾኑ ፍሉጣት ውልቀሰባትን ዓለምለኸን ኣሕጉራውን

ወዲቕና ሓመድ ክሒስና ናይ ምትሳእ፤ ተኽእሎን ተሞክሮን ዓቕምን ዘለና ሙኩኣት ህዝቢ ኢና።።

ትካላትን፤ ክሳብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ሕብረት ኣውሮፓን፤ ካብ ሰኔትን ኮንግረስን ኣሜሪካ ክሳብ ዋይት ሓውስ፤ ኩሎም ደጋጊሞም ክዝትዩሉን ኣቓልቦ ክህብሉን ኣኽኢልና ኢና።።

ማሕበረሰብ ዓለም ምእንተ ፍትሒ ድምፆም ምስማዕ ጥራሕ እንተይኮነስ፤ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ዲፕሎማሲያውን ፋይናንሳውን ፀቕጢ ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፤ ዓለምለኻዊ ህፁፅ ሰብኣዊ ረድኤት ንህዝብና ንኽበፅሕን፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ንዝተፈፀመ ገበን ኵናት ዓለምለኸ ዘይሻራዊ ምፅራይ ተገይሩ ገበነኛታት ንፍርዲ ዝቐርቡሉ ባይታእውንከተዓራረን፤ ክውስኑንናብ ተግባር ንምእታው ክወሳወሱን ኣኽኢሉ ኣሎ።።

ብሓፈሻ ገበነኛ መንነት ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድን ኢሳያስ ኣፈወርቅን፤ ዋላ ክንዲ ድሌቱ ገንዘብ ኣፍሲሶም፣ ሎቢስት ቆፂሮምን ኩሉ ሓይሎም ኣዋፊሮምን፤ እንተሓሰዉ እውን፤ ንቱ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅን ዝፈፀሙዎ ገበንን ክሸፉፍኑ ከምዘይኽእሉ ገይርና፤ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ጥራሕ ዝባኖም ኣውፅእና ኣቃሊዕናዮም ኢና።።

እዙ ኩሉ ስርሒት ዲያስፖራ ትግራይ ዕውት ክኸውን ዝኽኣለ፤ ንሕና ተጋሩ ስለዝኾና እዩ።። ሓደ መንነት ዘለና፤ ተመሳሳሊ ስነልቦናዊ ኣተሓሳስባ ዝወነና፤ ዝማዕበለ ክብርን ፀጋታት ባህልን ስለዘለና እዩ፤ ብሓደ ግዘ ኣብ ሓድነትና ክንሸክልን ሰሚርና ክንወፍርን ዝኽኣልና።። ዘለናሉ ርሕቐት መሬት ኮነ ውቅያኖስ፤ በረድ ኮነ ሃለሃልታ ሓሩር እንተይዓቀበና፤ ከምሓደ ሰብ፤ ቆፍኡ ከምዝተተንከፈ ንህቢ፤ ብሓባር ብሓደ ድምፂ ክንልዓልን ክንምርሸን ዝኽኣልና፤ እወ፤ ንሕና ተጋሩ ስለዝኾና እዩ!

ብቐፃሊ ድማ፤ ቃልሲ ዲያስፖራ ትግራይ፤ ድምፂ ዲፕሎማሲ ህዝብና ካብ ምኽን ሓሊፉ፤ ምስቱ ምእንተ መንነትናን መሰል ክብርታትናን፤ ኣብ ትግራይ ዝምርሸን ዝኳሻሕን ዘሎ ፍትሓዊ ወያነ ህዝቢ ትግራይ ተኣሳሲሩን ተሰጣጢሙን፤ ንፀላእትና ኣብ ምቅባፅን ምቕባርን፤ ዓለምለኻዊ ፍትሕን ርትዕን ንቱ ኣብ ልዕሌና ንዝተፈፀመ ገበን ኵናትን ብርሰትን ክንረክብ፤ ገበነኛታት ኣብ ዓለምለኸ መጋባእያ ፍርዲ ንኽቐርቡ፤ ኣበርቲዕና ክንነጥፍ ኢና! ልዕሊ ኩሉ ግና፤ ብናይ እማን ንሕና ተጋሩ ምኽና እነረጋግፀሉ፤ ድሕሪ ምድምሳስ ፀላእትና ኣብ እንተኽላን እንሃንፃን ሃገረ ትግራይ ብእነመዝግቦ ውፍይነትን ምትዕፅፃፍን ይኽውን።።

ፀላእትና "...ንዓሰርተታት ዓመታት ንድሕሪት መሊስና ከምዘይንትስኡ ገይርና ኣዕኒናዮም..." ይብሉና ኣለዉ:: ንሕና ግና ተጋሩ ኢና! ኩሉ ዓቕምና፣ ክእለትናን ፍልጠትናን ዓቂብናን ኣዋዲድናን፤ ከመይ ገይርና ኣብ ዝሓፀረ ግዘ ንትግራይ ዓድና ናብቱ ዓለም ዝድመመሉ ብራኽ ክነብፅሓ ከም እንኽእል ብርግፀኛነት ክነርእዮም ኢና:: ኣብዙይ ድማ ብፅሒት ዲያስፖራ ትግራይ ዕዙዝ ብምኻኑ ብሐዚኡ ምድላዋት ክግበር ኣለዎ::

ንዙ ፈተና ብዘተኣማምን ጠሓሒስና ናብቱ እንምነዮ ብራኽ መሰስ ክንብል ኢና! ሽዑ ድማ እዙ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ትግራዋይ ዝፈፍ ዋኒን ይፅበዮ ኣሎ! ሃገር ምህናፅ:: ካብ ብሐዚ ክንዳለወሉ፣ ክንነጥፈሉ ዝግባእ ኣዐርዩ ገዚፍ ዋኒን! እወ፤ ፀላእትና መሲሉዎም፤ ኩሉ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዘጥረናዮን ቅድሚኡ እውን ንዝነበረና ንዋት ኣዕንዮምዎ! ዘይምፍላጦም ዘይምሕሳቦም እምበር፤ ተጋሩ እዮም ኣጥሪዮምዎ! ፀላእትና ወዲቕካ ናይ ምትሳእ ርእሲ ስለዘይብሎም፤ "ንዓ ዓመታት ከምዘይትስኡ ቀቢርናዮም ኢና" ይብሉና ኣለዉ! ኣበደን! ንሕና ርእሲ ኣለና!

ኣይኮነን ዶ ሎሚ ብኣማኢት ኣሸሓት ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ምሁራት ተጋሩ ዘጥረየ ህዝቢ ትግራይ ሒዝና፤ ቅድሚ 30 ዓመት ንደርጊ ምስ ደምሰስና፤ ሚኢቲታት ምሁራት ተጋሩ ጥራሕ ሒዝና ኢና ዝተበገስናን፤ ነዛ በስናዕ ሃገር ዝሃነፅናሎምን! ሃገር ዝህነፅ ፍልጠት ክእለትን ዓቕምን ብዘለዎ ሓይሊ ሰብ እዩ! ስለዙይ ዲያስፖራ ትግራይ ንህንፀት ሃገረ ትግራይ ብሐዚኡ ዕጥቁ ከስጥም ኣለዎ:: ዕድለኛታት ዝኾኑ ፅባሕ መሬት ምስወግሐ ሃገረ ትግራይ ከሪኡዋ እዮም! ገሌና ንወጋሕታ ትግራይ ከይንዕደል ንኽእል! እቶም ንወጋሕታ ትግራይ ዝሪኡዋ ግና፤ ሓመድ ልሒሱ ዝልዓል ከቢድ ፀውራ ህንፀት ሃገረ ትግራይ ይፅበዮም ኣሎ! ስለዙይ ዲያስፖራ ትግራይ ኮነ ኩሉ ኣብ ዓዲ ዝርከብ ህዝብና፤ ብሐዚኡ ብኹሉ መዳይ ንዳሎ:: ብፍልጠትን ብኽእለትን፤ ብሳይንስን ቴክኖሎጂን፤ ንባዕልናን ደቅናን ነዳሉ! ነቕ ዘይብል ኣገዳሲ ሃፍቲ ሃገር ስለዝኾነ! ኣንዊሑ ዝጥምት ሃገራዊ ራእይን ድልውነትን ንተዓጠቕ! ነንሕድሕድና ተኸባቢርና ኣብ ሓሳባት ተደሪኽና ንምከር! እሂን ምሂን ንበል ንደማመፅ! ህዝብናን ሃገርናን ጠሚትናን ማእኸል ገይርናን፤ ንዝሐሸ ሓሳብ ሒዝና፤ ሓድነትና ኣስጢምና ንውፈር! ኩሉ ዓቕሚ ተጋሩ ማዕረ እዩ! ዝነኣሰን ዝዓበየን ዝብሃል የለን! ኣነ ንትግራይ ዓደይ እንታይ እየ ክገብር ኢልና ንውልቅና ንሕተት! ኩልና ድማ ዓቕምና ዝፈቐዶ ጥራሕ ነወፈ፤ ብዓቕምና ጥራሕ እውን ንንጠፍ! ዋላ ሓደ ቅርሺ ይኹን! እንተዘይብልና ድማ ብጉልበትና፣ ብኽእለትናን ፍልጠትናን ይኹን ብዘየግድስ! ኩልና ብዓቕን ዓቕምና ስለእነወፍን እንነጥፍን ዘለና፤ ማዕረን ማዕረን እዩ! ዝበላለፅ እንተይኾነ ብሓባር ተደጋጊፉ ዝኽይድ እዩ! ሕድሪ ሓድነትና! ሰረት መንነትና ሓድነትና እዩ! ሓድነትና ብዝነቐፀ ቁፅሪ ነኺል ይፍጠር፡ ፡ ብቱ ነኺል ድማ ዘይድቅሱልና ደቂ ሕድርትና ይኣትዉ:: ካብኡ የውድቑና:: ግን ፅቡቕነቱ ወዲቕና ሓመድ ልሒስና ናይ ምትሳእ፤ ተኽእሎን ተሞክሮን ዓቕምን ዘለና ሙሉኣት ህዝቢ ኢና::

ስለዙይ ሓደ ንኹን! ንደማመፅ! ንሰማማዕ! ሙሉኣት ኰይንና ናብቱ እንምነዮ ዘለና ወጋሕታ ክንበፅሕ እንኽእል፤ ብዙይን ብዙይን መስርሕ ጥራሕ እዩ! ብሓድነትና! ኩሉ ዓቕምና ብምውህላልን ብምውዳድን! ንፅናዕ! ንበርትዕ! ኣንዊሕና ንኣምት! ንተዓፃፍ! ክብርን ሞገስን ንስውኣትና! ቃልስና መሪርን ሓዊርን እዩ! ዓወትና ድማ ናይ ግድን እዩ!

ትግራይ ትስዕር!

ግፍዓዊ ፍፃመታት ባዕዳውያን ወረርቲ

ገሊኡም ካብቶም ማእለያ ዘይብሎምን ታሪኽ ዘይርስዖን ግፍዓዊ ፍፃመታት ባዕዳውያን ወረርቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዓደ'ቦ!

1 - ወራሪ ሰራዊት ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣብ ወረዳ ታሕታይ ማይጨው ብኣማኢት ዝቐፀሩ ሰባት ረሺኑ፣ ኣማኢት ኣባይቲ ድማ ብሓዊ ኣቃፂሉ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት 2013 ዓመተ ምሕረት ብሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ኣብ መንነ ከተማታት ሰለኽለኻን ውቕሮማራይን ከቢድ ውቅሚት ዝበፅሑ ወራሪ ኣራዊት ሻዕብያ "ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት" ከምዝበሃል ነቲ ዝበፅሑ ስዕረት ስዒቡ እዩ ኣብ ልዕሊ ዘይተዓጠቐ ህዝቢ ጨፍጫፍ ዘካየደ።

በዚ ድማ ንተኽታታሊ ኣርባዕተ መዓልታት እቲ ወራሪ ኣራዊት ኣብ ታሕታይ ማይጨው ብዘይምቁራፅ ብዝፈፀሞ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ልዕሊ 320 ንፁሃን ተጋሩ ከምዝቐተለ ካብቲ ከባቢ መሰኻኽር ዓይኒ ይገልፁ። ንፁሃን ዜጋታት ብምቕታል ዘይዓገበ እዚ ወራሪ ሓይሊ ኮነ ኢሉ ልዕሊ 600 ኣባይቲ ኣብ ትሸዓተ ጣብያታት እታ ወረዳ ብሓዊ ኣባሪዑ እዩ።

ግዘ ረኺበ ኢሉ ንመሬት ትግራይ ዝወረረ እዚ ኣረመንያዊ ሓይሊ ናይ ህዝብና መንበሪ ምቅፃል ቀሚሉ ከምዘሎ'ውን መረዳእታታት የመላኽቱ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ እቲ ወራሪ ሓይሊ ኣብቲ ከባቢ ዝረኸበን ጥሪት ህዝብና እውን ሓሪዱ ይበልዕ፣ ዘሪፉ'ውን ይኸይድ ምህላዉ ተረጋጊፁ ኣሎ። እዚ ኣብ ከባቢ ወረዳ ታሕታይ ማይጨው ዝፈፀሞ ግፍዓዊ ተግባር ኣብ ከባቢታት ሰለኽለኻ እውን ፈፂሙዎ እዩ።

ፈፂሙ ኣይርሳዕን !

2 - ካሊእ ታሪኽ ዝሰነዶ ግፍዒ ወረርቲ ኢትዮጵያ ድማ ኣብ ማሕበረዴነ ንመንኣሰይ እናቐተሉ ብቪድዮ ዝተቀረፅዎ ኣረመንያዊ ተግባር እዩ። ካብ ከተማ ኣከሱም ኣብ ቀረባ ርሕቐት እትርከብ ማሕበረዴነ ወታደራት ኢትዮጵያ "ጥይት ሳታባክን ግደለው" እናበሉ ተጋሩ መንኣሰይ እናቐተሉ ናብ ገደል ዘፅድፍሉ ተግባር ግፍዒ፣ ንዓለም ብዓለሙ እውን ክንደየናይ ክፉኣት ምኻኖም ዘመላኽተ እዩ።

ነቶም ተጋሩ መንኣሰይ ብምቕታል ዘይዓገቡ እዞም ግፍዓውያን እዚኦም፣ በቲ ተግባሮም ከይሓፈሩ ተኣኒኖም ብቪድዮ ቀሪፆምዎ። ኣብቲ ልዕሊ 30 መንኣሰይ እንትርሸኑ ዘርኢ ቪድዮ ወላ ሓደ ዕጡቕ ዘይነበረ ምኻኑ ብግልፂ የመላኽት።

እዚ ግፍዒ ዝንተዓለም ኣይክንርስዖን ኢና !

3 - ጨፍጫፍ ኣምሓሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ፣ ብፍላይ ከተማ ማይካድራ ድማ ካብቶም ዘስካሕክሑ ተግባራት ፀላእትና ሓደ እዩ። ካብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣሃዱ ኢሎም ግፍዓዊ ተግባራቶም ዝጀመሩ እዞም ብወታደራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ተሓዚሎም

ናብ ገፅ 31 **ይቕፅል**

ሙዚ - ቃል (ገድሊ ወ ኪነት)

ከነኣን ሣ.

ኪንዮ ምንቃሕ ሞተር ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ፤ ሰዓባይ ወለዶ ስነ ልቦናውን ማሕበራዊን ዓብሉ ከይሰሓተ ብጅማት ኣያታቱ ዝተተትዐ ገመድ ታሪኽን ጅግንነትን ወለዱ ከይልሕልሕ ሓደራ ዘሰከሙ ረዘንትን ጥዑማትን ዜማታት ገድሊ ሕጂ እውን ኣብ ደም ኩሉ ፈታዊ ትግራይ ብረስኒ ይገናፈሉ፡፡

ውህደት ዜማን ቃልን ሙዚቃ ገድሊ ኣብ ልቢ ትግራዋይ ዝፈጥሮ መቐት ኣብ ትሕቲ እዛ “ሙዚ-ቃል” እትብል ርእሰ-ዓንዲ ቀለማዊ ዳህሳስ ክንገብር ስዓቡኒ (ብቋንቋ ጉዕዞ መስርዕ ኣሲርኩም ስሓቡ)፡፡

ወለዶ ትግራይ መፋርቐ 19 60 ታት ዓ.ም እቲ ኣብ እንግድዓ ዜጋታት ዝተዳዕነነ መዲድ ፋሺስታዊ ስርዓት የውርዶ ብዝነበረ ግፍዒ ብምንፅርፃር ፡-

“ሰኣን ኣያ ሰኣን ኣያ
ትግራይ ዓደይ ኣማዕዲወ ርእየያ”

ኢሉ እግሩ ናብ ዝመርሖ ምፍላስ ገዲፉ ፣ባዕሉ ኣያ ክኾን ፤ ባዕሉ ክውንና ፤ ኣማዕዲው ዝጥምታ እንከይኮነስ ኣብ መረባኣ ብነፃነት ክሕምብጥ... “ትግራይ ዝዓደይ፣ ኣይትብከይለይ ኣይትንብዕለየ ነዊሕ ምንሽር፣ በቲ ደጎል ደርብይለየ፤ ኣሃይ ላልማይ...” ኢሉ ንብዓት ኣዲኡ ብእርሳስ ምንሽር ክሕብስ ናብ መሮር እዩ ዝወፀ፡፡ ካብኡ ደሃይ እቲ ምልኪ ተፀይፉ እምቢ ኢሉ ንበረኻ ዝወፈረ ኣያኡ ዝደንጎዮ በፅሒ፡-

“... ንገርንጉዶ ሓለፋይ
ሓቁ ክፈልጦ ንዳሕራይ
ኣያይ ናበይ ኸይዱ ኣብሻይ
ኣያይ ናበይ ኸይዱ ኣብሻይ...”

እናበለ ይሓትት፡፡ ኣይኡ መእንተ እታ ብዙሓት ዝምኽሑላ ፣ ምእንተ እታ ብዓንድን ታኼላን ፣ ብቓስታን ማእገርን ደቃ ደው ዝበለት ዓዱ ጎበጥታ ሓመድ ድበ ከእቱ ናብ ቃልሲ ከምዝወፈረ ካብ ልሳን ኣብሻዩ ቁርፁ ሰሚዑሎ፡፡ ደኒኑ ኣይነበዐን፣ ኽሳዱ ለውዩ ተኾርምዩ ኣየስተማሰለን፡፡ የግዳስ ፡-

“ትግራይዶ ሓሊፎም ፣ብዚ ገይሮምየ፤
ሃበኒ ሓምባረይ ፣
ክኽተሎም ባዕለይ ክኽተሎምየ”

እናበለ ኣሰር ኣያታቱ ፣ኣሕዋቱን መሳቱኡን ድኣ ሰዓበ፡፡ ዳሕራይ ኣብ መንገዲ ዕማሙ ፣ ኣብ መትከል ቅዋሙ ልጓም ኣፅኒዑ እንትግስግስ ኣብ ደምበ ሕልንኡ ቅዝል ዝብልዎ ምስልታት እውን ነበሩ፡፡ ካብኣቶም፡-

“ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ፣ ትውይ እናበልኪ
ለይቲ ብሕልመይ ፣እናተመለስኪ፤
ደሃይ መድረኽ ስምዒ ፣ኣብ ማዕበል ሓምብሲ
ቃልሲ ህይወት እዩ ፣ህይወት እውን ቃልሲ
ፍቕሪ ህይወት እዩ ፣ህይወት እውን ቃልሲ”

እናበለ ፍቕርን ዝኽርን የዝምር፡፡ ግን ከኣ ነዛ ስምዒቱ ናብታ ዝኣመነላ መትረብ ቃልሲ ህዝቢ ክትፅምበር ደኣ እምበር፤ ካብታ ብስም ብዖቱ እናመሓለ ዝፈስሰላ ዋሕዚ እምነቱ ክተናጥቦ ኣየፍቀደን፡፡

“ኣነን ንስኽን
ኣብ ከይዲ ማዕበልና ፣ብሓባር ክንገጥም
ኣብ ኣፃድፍ ኣግዳል ፣ጥውይዋይ ኩርባታት
ብሓባር ክንተምም፤
ኢድኪ ምስ ኣእዳወይ ፣ሸኻል ምስዓተረ ክምስታ ሓዊስና
ትሰምዒዶለኺ ደሃይ ናይዚ መድረኽ፣ ደወል ናይ ማዕበልና፤...”

ኣቢሉ እዩ ብፍቕሪ ዝተደለኸ ኣዋዘ ቃልሲ ዘበን ንወለዶ ዘስገረ፡፡

“ውፈር ተበገስ ክምዚ ሐዚ
ሳይንሳዊ መብረቅኻ ኣውርደሎም
ውግእ ብሱል ክእለት ኣማዕቢልኻ
ብስልትታትኻማ ኣርዕዶም...”

እናተባህለ ዕርዲ ምኩሓት ደርዒሙ ኣብ ድፋዖም ክዕልልን ፀላእቱ መልሓሶም ክሓይኩን ምርኣይ ድማልሙድናይወርትግተግባሩኮነ፡፡በዚእውን፡-

“ተጋዳላይ ተጋዳላየ...ተጋዳላይ ኢኻ ተጋዳላየ
ብምንታይ ንግለፅኻሞ ፣ካብዚ ንላዕላየ”

ዘብል ኣብ ሕደማ ግጥሚ ደርፊ ውዕልኡ ንምኽታብ እውን ቃላት ዝተሰነፉሉ ልዕለ -ሰባዊ ፅንዓት ተወለደ፡፡ ካብቲ ማዕዶ ጎደቦ ኣብ ደጀን ካብ ዘለው ኣያታቱ ይሰምዖ ዘሎ ብስራት እውን ወነ እዩ ዘሰስን ፡፡ ሓደ ኢዶም ዕርፊ ሓደ ኢዶም ማሕፀ ሒዞም ኣብ ገርሁ እንትውዕሉ፤ ንእግረ መንገዶም ብደንጎላ ምርኮ ዝማልኡ ሰብ ድርብ ዕማም ወለዱ ልቡ እናሞቐዎ እዮም፡፡

“በዓል ወነ ሕንጊድ በዓል ኣመል
በዓል ዋልታ በዓል ድርብ ሾተል
ብከላሻን’ማቱ ኣንጉዕ መምከኺ
ብደንጎላ ኮለኔል ማራኺ”

እናበሉ ክልተ ምህርቲ ክሓፍሱ ተራእዩ፡፡ ማዕረ ማዕረ እተን ማንታ ኣፈ ሙዝ ብረት ዘቐነዓ ዋዕሮታት ፡-

“እዞም ደቅና ሓሊፎም ግዲ
ሰንተ ሰምሃል ጨይና መንገዲ”

ኢለን እኽለማይ ሒዘን ዝስዕባ ኣዴታት ፣ኣብ ቀምሽ ኣዲኡ ዘይመውት ጅግና ብምውላደን ዝስመዐን ሓበን ኣብ ገፀን ይንበብ፡፡ እቶም
“ባሕርና እቲ ሓፋሽ ህዝብና
ስንቅና ወያናይ ሓቦና
ዕርድና ጎቦታት ዓድና
ዕጥቅና ካብ ፀላእትና “

ኢሎም ኣብ ጎቦታት ዓዶም ዝሕምሕሙ ኣናብስ ሓየትን ዋዕሮን ፤ነቶም ኣብ እንዳማቶም መፂኦም ኣጎዛ ኣንፅፉለይ ዝብሉ ስሱዓት ኣዛብእ ኣብ ሩባን ኩርባን እናቐበሩ መረበት ኣዲኦም እንትረግፁ ፡-

“ሎሚ ዓይነይ በርህ ፣ሎሚ ዓይነይ በርህ
ማማየ ሪኣያ ፣ፀላእተይ ጋሊህ”

ብዝብል ዜማ እናተፀምበሉ ጉባኤ ካምቻኦም ብንብዓት ሓጎስ ወላዲቶም ተርከሰ፡፡ ፆታን ሃይማኖትን ዘርእን ሕብሪ ቆርበትን

ዘይፈለየ ፤መሪር ወፅዓ ዝወለዶ ብልሑን ትብዓቱን
ምስጢር መስተንክራዊ ዓወታቱ እናኾነ ቀሚሉ፡፡
ኣይኮነን ፈረሱ ፈረስ'ማቱ ይለጉም ተጋዳላይ፡፡
ኣብ ዝበልካዮ ዝዕበል ፤ኣብ ዝወዓሎ ዝዕወት፡፡
ቁስሉ ጥራይ ከይኮነስ ቁስሊ ካልኦት እውን ማዕረ
ይስመዖ፡፡ በዚ ምኽንያት እውን ጣቓ ፀላም
ትግራይ ቀንጢጡ ኣብ መረበቱ ኣይተረፈን፡፡

“ሐዚኽ ናበዩ ጉዕዞኻ
ኣውግዐናባ ሓየት ጎሚዳ”

እትብል ሕቶ ክምልስ ንብዓት ካልኦት
ውፁዓት እናሓበሰ ደኣ ገስገሰ፡፡ ደድሕሪኡ ፡-

“ ተጋዳላይ መዓር ኣፉ
ሰሜን ሸዋየ ሓሊፉ”

ተባሂሉ እንትዝየም ድማ መንበረ መንግስቲ
ፋሺስት ደርግ ብራዕዲ ትሕቆን ነበረት፡፡

“ዕርድኻ ዘይስበር ፣ሽደን ጥሒሳ
ምስ መራሕቶም ፣ሓይሎም ሓምሸሸኻ፤
ሰላም ንዓኻ”

ዝብል ምስጋና እውን ተገዚሙ፡፡

“ለካቲት ኣዴና
ረመፅ ድጉል ቃልሲ ተባሪዑ ፤ ገዋሕታ ናይ
ለካቲት ማዕበል
ረመፅ እዩ እሳተ ጎመራ ፤ ሽግ ደደቢት ወርቃዊ
ነበልባል”

ዘበለ ለካቲት ዝተወለዐ ሽግ ሓርነት፤ ድሕሪ
17 ዓማውቲ ኣብ ወርሒ ግንቦት ዓብይ ኩምሪ
ደመራ ክብርህ ዓለም ኣፋ ከፊታ ረኣየት፡፡

“ሰገን ወያነ
ወለድኻ ፈደይቲ ሕነ”

እናተባህሉ ብጅግንነት ወለዶም ደረቶም ነፊሑም
እግሪ ዝተኸሉ ሰገናት እውን፤ ነቲ ኣብ እንግድዕኦም
ዝወደቐ ሕድሪ ሰማእታት ሓመድ ከይትንክፎ
፤ ክብሩ ከይጎድል ኣብ ማህደሩ ክሕዙ ፡-

“ኣያይ ዝሓደገለይ ገምባለይ
ዝናረይ ጌረ ዝናረይ
ሒዘለኹ ንሓዋረይ”

ዝብል ቃል ሰኒቑም፡፡ ገዲሊ ሕሉፍ ወለዶ ኣብ
ልቦም ዝወቀጡ ሓደሽቲ ቦቐልታት ነተን ብደም
ዝተሰርነቓ ጎቦታት ዓዶም ሓምለዋይ ግምጃ
ከልብሱ ቆረፀ፡፡

“ኣድማስ ዘሎ ድምፂ፣ ‘ቲ ጅግና መስለኒ ሰሚዐዶ
ዘይሃሰሰ ምስሊ ፣ ‘ታዋዕሮ መስለኒ ሪኢያዶ፤
ክቐንጥጡ ፀልማት ፣ኣየወ እቲ ድነ ዝሓለፉ
ሰማእታት ባይታ ዘንፀፉ
ኢድ ንኢድ ንጣመር
ምእንተ ክድበሱ
ስለ ልምዓት ንዘምር
ኣብ ሓደ መስመር...”

እናበሉ ዝናርን ገንባለን ጀጋኑ ወለዶም
ኣብ ምፅናዕ ኣንቢሮም ፤ዕርፍን ብርዕን
ብምጭባጥ ኣብ ፅሕፈትን ስበትን ወዓሉ ::
ኣብ መትረብ ሙዚቃ ዝፈስስ ተመጋጋቢ
ታሪኽ ወለዶታት እናዳህሰስና ኢና፡፡ ህዝቢ
ትግራይ ከም ህዝቢ ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘበን
ብዜማ ዝተኸተበ ገድሉ ዘተሐዘና ጥራዝ
እናቀላዕና ክንቅፅል፡፡ እቲ መዓቱ ቀንጢጡ
ኣብ ተመሳሳሊ ዓዘቕቲ ዝነበሩ ህዘብታት ሓራ
ኣውፂኡ ንቡር ዘፍተነ በዓል ውዕለታ ፤ እተን
ዘኾለሳ ኣእዳው ዝነኽሱ ፅሒራታታት ከካብ

“ባሕርና እቲ ሓፋሽ ህዝብና ሰንቅና ወያናይ ሓቦና ዕርድና ጎቦታት ዓድና ዕጥቅና ካብ ፀላእትና “

ዝተሓብኡለን ጎዳጉዲ ክቐልቀሉ ጀሚሮም፡፡

“...ኣብ እንግድዓኻ ተሳሒሎም፤ ክንዲ ዝበልሑ
እንታይ ደኣ ጉዱ ፤ ከም ሪሓን ጎዳና ቀንጣቢኻ
በዚሑ...”

ኢሉ ግዘን ኩነታትን ተበሊፁ ኣብ ልዕሊ
ሃለዋት ህዝቡ ዝሰረበ ማይ መዓት ብንቐሓት
ዝዕዘብ ጥሙት ወለዶ ድማ ቦቒሉ፡፡
ታሪኽ ከምዘርኣየና ቃልሲ መብረድ ‘ዩሞ፤ ፈታኒ
ኩነትን ሕቶ ሃለዋትን ዝፈጠሮ ህሞት ድማ
ኣሸሓት ጀጋኑ ዘበን ስሒሉ ዘውፅእ መብረድ ኮነ፡፡

“...ይኣኽለካ ህዝበይ
ንዝነኽሰካ ኣይተኾልስ፤
ይኣኽለካ ህዝበይ
ኣብ ዘይዓውድኻ ኣይትኾልስስ...”

ኢሉ በትሪ ጥልመት ሕቑኡ ንዘሰምበሮ ህዝቡ
ኣብ ዘየማትእ ናይ ውሳነ ምዕራፍ ምብፅሑ
ብድፍረት የንጉሉሎ፡፡ “ኣዮኻ ናይና” ኢለን
ንናተን ዘኽብራ ድምፅታት ብርኽ ኢለን
ምስማዕ ካብ ዝጅምራ እውን ኣይቀለለን፡፡
እኒሀተ ድማ ህዝበይ - ናተይ ስሑል ወለዶ ናቱን
ዘይናቱን መምዩ ፤ መባልዕቱን መናብዕቱን ለልዩ
፤ኣብልዕሊ ግፍዓውያንወረርቱከምንህቢከቲቱ፡-

“ኣይውዕላ
ኣይሓድራ
ህዝቢ ትግራይ እንትኹሪ
ረመፅ እያ ‘ዛምድራ”

እናበለ ንፀላእቱ ክልተ ጊዜ የዛርቦም :: እዚ
መኹርዒ ቃልሲ ወለዶይ ድማ፤ ፅባሕ ሕሉፍን
መፃእን ጠሚቶም ብኽልተ ደንደሶም ዝሰሓሉ
ኣእላፍ በላሕቲ ክወልድ እዩ፡፡ እሕበነሉ ድማ!!

ግፍዓዊ . . ካብ ገፅ 26 ዝቐፀለ

ናብ ትግራይ ዝኣተዉ ዕጡቓት ኣምሓራ ክሳብ ሕዚ'ውን ኣረመንያዊ ስርሑም ቐሚሎምሉ ኣለዉ። ኣብ መፈለምታ ወርሒ ሕዳር 2013 ዓመተ ምሕረት ኣብ ማይካድራ ዓርሶም ክከላኸሉ ዘይኽእሉ ህፃናት፣ ኣረጋውያን፣ ደቂ ኣንስትዮን ካልኦት ዘይተዓጠቐ መንኣሰይን፥ ብጠያይቲ፣ ካራ፣ ጎዞም፣ ፋስን ካልኦት ድምሚ ብዘይብሎም መሳርሕታት ሓሪዶም ብምቐታል ኣደዳ ኣራዊት በረኻ ገይሮምዎም እዮም።

ቀሚሎም እውን እዞም ምልኻታትን ፋኖ ዝተብሃሉ ጉጅለ ዕጡቓት ኣምሓሩ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ትግራዋይ ነባሪ ምዕራብ ትግራይ ካብ መሬት ዓዲ ኣቡኡ-ብሓይሊ ክወፅእ፣ክመዛበል ገይሮምእዮም።

ብፍፁም ይቕረ ዘይበሃል ተግባር !

4 - ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ፃዕዳ እምባ ወረርቲ ወታደራት ኢትዮጵያ ኣብ ሕቐፊ ኣዲኡ ዝነበረ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ህፃን ምስ ወላዲኡን ካልኦት ብዙሓትን ቀቲሎም። ኣብቲ ዞባ ማይመገልታ ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ከባቢ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ድብያዊ መጥቃዕቲ ፈፂሞም ድሙቕ ዓወት ኣብ ዘመዝገብሉ ሰዓት እዩ እዚ ግፍዓዊ ፍፃመ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታትና ዝተፈፀመ።

ኣብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ዝተፈፀመ እዚ ገበን ብድብያዊ መጥቃዕቲ ሰራዊት ትግራይ ዝተደናገፁ ወታደራት ኢትዮጵያ፥ ናብ ከተማ ብምምፃእ ገዝኡ ዓፅዩ ዝተቐመጠ ህዝቢ ብማዕዶ ኣሽሊኾም እናተኮሱ ኣብ ሕቐፊ ኣድኡ ዝነበረ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ህፃን ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ካልኦት ቐቲሎም። እቶም ወረርቲ ወታደራት ኢትዮጵያ ነቲ ህፃን ብምቐታል ከይዓገቡ ወላዲ ኣቦ እቲ ህፃን እውን ኣብ በሪ ኣፍ ገዝኡ ረሺኖምዎ እዮም። እዞም ወረርቲ ሓይልታት ኣብ ሜዳ ውግእ እንትሰዓሩ ንሰላማውያን ሰባት ምቐታል፣ ንብረት ምዕናውን ምስራቕን ልሙድ ተግባሮም ገይሮም ይቕፅሉሉ ኣለዉ።

እዚ ከመይ ይርሳዕ ?

5 - ብባዕዳውያን ወረርቲ ኢትዮጵያን ኤርትራን ብጉጅለን ውልቀን ፆታዊ መጥቃዕቲ ዝበፅሐን ኣስታት 1000 ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ናብ ትካላት ጥዕና ከምዘመልከታ ተረጋጊፁ። ብወረርቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ዝተጣየሸ ዓርሱ 'ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ' ኢሉ ዝፅውዕ እኽብካብ ባንዳታት እዩ ሓበሬታ ንናይ ወፃኢ ዓዲ ማዕኽናት ዜና ዕላዊ ዝገበረ።
ዕድል ሕክምና ዘይረኽባን ኣብ ገጠራት ካብ ዝርከባን ብተወሳኺ ብሕፍረት ካብ ገዝኣን ወፂኣን ዝበፅሐን በደል ክገልፃ ዘይከኣላ ግዳያት ፆታዊ መጥቃዕቲ በቢቦትኡ ይርከባ። በዞም ነውራማት ክብረን ዝተደፈራ እዘን እርኑባት ተጋሩ ኣሕዋትና ካብ 8 ክሳብ 80 ዝዕድሚኤን ከምዝኾና ተሓቢሩ ኣሎ። ንሓንቲ ትግራወይቲ ክሳብ 23 ጨካናት ወታደራት ተጋሲሶምዋ እዮም።

ሕሉፍ ሓሊፉዎም ድማ ኣብ ዝኾነ ዓለም ተሪኡ ዘይፈልጥ ናብ ማህፀን ትግራወይቲ ሚስማር፣ ላስቲክ፣ ሶፍትን ካልኦት ባዕዲ ነገራትን'ውን ኣእትዮም እዮም። ኣብ ትግራይ እዞም ወረርቲ ሓይልታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ፆታዊ መጥቃዕቲ ከም መሳርሒ ኩናት ይጥቀሙ ከምዘለዉ ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ካልኦት ተሓለቐቲ መሰል ደቂ ሰባትን ገሊፆም እዮም።

ንታሪኽ ይመዝገብ !



#ኣይፈልጥን